መበል 29 ዓመት ቁ.113 | ቀዳም 11 ጥሪ 2020 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3 ዝተመጣጠነ 'መኣዛዊ...



ገጽ 5 ምትፍናን ኣመሪካን ኢራንን ካበይ ናበይ?



ገጽ 7 ቀስቲ ሳሮን



ገጽ 8 ቍጽሪ



ገጽ 9 ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ...




# ፕረዚደንት ፈ/ሪ/ሶማልያ፡ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዘበርኣሉ ዕድመ-ፕረዚደንት ፈደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ መሓመድ ዓብዱላሂ መሓመድ፡ ናይ ክልተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ትማሊ ሰዓት 11፡30 ቅድሚ-ቐትሪ ኣስመራ ኣትዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተረኺቡ - ብናይ ክብሪ ሰልፊ ዝተሰነየ ኣቀባብላ ገይሩሉ።

ኣብ'ቲ ናይ ምቕባል ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ተረኺቦም ነይሮም።


ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት መሓመድ ዓብዱላሂን ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቐትሪ ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ኣብ ዝተኻየደ ቀዳማይ ርክቦም ኣብ ክልተኣዊ ዝምድናን ንኽልቲኦን ሃገራት ኣብ ዝገድስ ዞባዊ ምዕባለታትን ዓሚቝ ዘተ ኣካይዶም።

ኤርትራን ሶማልያን ኣብ ወርሒ ሓምለ 2018 ኣብ ኣስመራ ስምምዕ ካብ ዝኸተማ ንደሓር፡ ዝምድናኦን ዓቢ ዝላ ከምዝገበረ ድማ ተገንዚቦም።

ስሉሳዊ ዝምድና ኤርትራ፣ ኢትዮጵያን ሶማልያን ኣብ ዝምልከት - ኣብ መንጎ ሰለስቲአን ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ ጸቢቑ ይግስግስ ከምዘሎ ብምርግጋጽ፡ ንክልተኣዊ ዝምድናን ስሉሳዊ ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ዝሰፍሐ ዞባዊ ወሀደት ክዕብርዎ ዘኽእሉ ጻዕሪ ብዘለዓለ ክቕጽልዎ ተሰማሚዖም።

ክልቲኦም መራሕቲ፡ ብዛዕባ ምዕባለታት ሶማል ኣብ ዘዕበርዎ ዘርርብ፡ ኣብ ሶማል - ሰላም፡ ርግኣትን ምዕባለን ንምስፋን ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ንቕድሚት ይስጉም እኳ እንተሎ፡ ሶማል ምሉእ ብምሉእ ብኽልተ እግራ ደው እትብለሉ ደረጃ ክትበጽሕ ግና፡ እቲ ጻዕሪ ክቕጽል፡ ምህናጽ ሃገራዊ ትካላት - ኣውራ ድማ ናይ ምክልኻልን ጸጥታን ከምኡ'ውን ዳግመ-ምሕዋይ ቁጠባን ትሕተ-ቅርጻን ብዘለዓለ ክሰርሓሉ፡ ዝ. ዕላማዚ. ንምውቃዕ ከኣ፡ ክልቲአን ሃገራት ክዕብራኦ ዘኽእላ ጻዕሪ ብዐጸፈታ ክሐይላኦ ተሰማሚዖም።

ኩሎም ኣዕሩኽን መሻርኽትን ሶማል፡ ብመሰረት ሶማላውያን ዘሰርዕዎ ቀዳምነታት፡ ሶማላዊ ትካላትን ሃገራዊ ዓቕሚን ዘደልድል ምትሕግጋዝ ክዕብሩ ድማ ጸዊዖም።



ሰ/ታ እዛዝ ኣብርሃ

ፕረዚደንት መሓመድ ዓብዱላሂ መሓመድ፡ ስለ'ቲ ኤርትራ ንሶማል እትገብሮ ዘላ ኣብ ድልዱል ታሪኻዊ ምሕዝነት ዝተሰረተ ምትሕግጋዝ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ብድሕሪዙ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስን ካልኦት ሰብመዚ ኤርትራን ሶማልያን ተሰንዩ ከባቢ 'ሰይ-ደሺ' በጺሑ።

ፕረዚደንት መሓመድ፡ ኣብ ወርሓት ሓምለን መስከረምን 2018፡ ከምኡ'ውን ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2019 ኣብ ኤርትራ ምብጻሕ ከምዝፈጸመ ይዝከር።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ እውን ብ13ን 14ን ታሕሳስ 2018 ኣብ ሞቓድሾ ወግዓዊ ምብጻሕ ኣካዪዱ እዩ።

# ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ፡ ውጥናቱ ንትግባረ የበጋግስ

ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ መዳይ ባህሊ ናይ 5 ዓመት ስትራተጂያዊ ውጥን ብምንጻር - ኣብ ምብጽጋስ ከምዝርከበ፡ ብ8 ጥሪ ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ገሊጹ።

ኣብ መደባት ባህሊ፡ ኪንዮ ምምዕራግ በዓላት፡ ኣብ ምሕያል ባህላዊ ንጥፈታት ኣገዳሲ ግደ ንምጽዋት፡ ዘሎ ድኻማትን ብልጫታትን ብምልላይ - ብዘለዓለ ክስራሕ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ዞባ ዘለዉ ክኢላታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምድህሳስ ስነ-ጥንታዊ ኣሰራት ዝተዋፈሩ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ኩዕታ ቅርሲ ዘለዎም ኣፍልጦን ተመውሮን ንምዕባይ፡ ምስ ሃገራዊ ቤተ-መዘክር ብምርድዳእ ይስራሕ ከምዘሎ'ውን ተሓቢሩ።

ስፖርት ኣብ ዝምልከት፡ ኣብ 2019 ብፌደረሽናት ዝተወጠኑ መደባት ብምሉኦም ከምእተተግበሩ፤ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ስፖርት ንምዕዛዝ ዝተዓመ ስርሓት ድማ፡ ዘተባብዕ ውጽኢት ከምእተረኽቦ ተገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ንጥፈታት ባህሊን ስፖርትን ብዘይ ዕዙዝ ተሳትፎን ኣበርክቶን ህዝቢ ክምዕበል ስለዘይክእል፡ ጉድኒ-ጉድኒ'ቲ ብኣካላት መንግስቲ ዝግበር ኣበርክቶ፡ ህዝቢ'ውን ጸጋታቱ ኣገሳጊሱን ኣወሃሂዱን ንዕበየት ባህልን ስፖርትን ተበግሶታቱ ክሐይል ኣዘኻኺሩ።





ሰ/ ሻዊት ገብረብርሃን

# ኣውቶቡስ ሓራት፡ ኣብ መስመር ተሰነይ-ኣዲባራ ጀሚራ

ኩባንያ መጎዓዝያ ሓራት፡ ኣብ መስመር ተሰነይ-ኣዲባራ ኣውቶቡስ ብምምዳብ - ኣገልግሎት ከምዝጀመረ፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።

ሓላፊ ኦፐረሽን ኩባንያ ሓራት ኣቶ ንጉስ ጉብረዝገኣብሄር፡ እቲ ኣገልግሎት መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ነቲ ናይ 47 ኪሎ-ሜተር መስመር ዝሕተት ክፍሊት፡ 15 ናቕፋ ጥራይ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎርቶሳዋ ኣቶ ኣቡበከር ማሕሙድ፡ ህዝቢ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቱ ክሽገር፡ ኣዴዳ ዘይርትዓዊ ክፍሊት ክኸውን ምጽንሑ ብምሕባር፡ እዛ ኣውቶቡስ ነቲ ሽግር ከምእተቃልሎ እምነቱ ገሊጹ።

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣዲባራ፡ ብኣሸቱ መካይንን ሎሪን ክሳብ ተሰነይ 60 ናቕፋ እናኸፈሉ ይጉዓዙ ከምዝነበሩ ሓቢሮም።

## ሕርሻን መግብን







ዳህላክ ነጋሲ

# ዝተመጣጠነ 'መኣዛዊ መግቢ' ብንኡስ ዓቕሚ

ደቂ-ሰብ ንኽነብሩን ቀጻልነቶም ንኽውሕሱን ካብ ዘድልዮም ማሰረታውያን ጠለባት ሓደ - መግቢ እዩ። ብዘይ መግቢ ተጻዋርነትን ኣካላዊ ብቕዓትን ኣብ ግምት ብምእታው ደናት መዓልታት ብህይወት ክጸንሕ ይከኣል ይኸውን። እንተኾነ ድሕሪ ውሱን መዓልታት ብዙተፈላለዩ ሕማማት ብምጥቃዕ ንሞት ክቃልዕ ይኽእል።

ስለዚ፡ መግቢ መተካእታ ዘይብሉ ቀንድን ኣገዳስን ረቛሒ ስለዝኾነ ካብ ውልቀ ሰብ ክሳብ ሃገራትን ኣህጉራውያን ውድባትን ብቐዳምነት ውሕስነቱ ንምርግጋጽ ጻዕርታት የካይዱ።

ኣብ መላእ ዓለም ብዙሕ ህዝቢ ብሰንኪ ስእነት መግቢ ብቐጻሊ ይሳቐ። ቅድሚ ውሱናት ኣዋርሕ ዝወጹ ጸሓፍቲ ከም ዘጸርዎ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ዝርከቡ ልዕሊ 820 ሚልዮን ህዝቢ ብስእነት ወይ ጥሜት ከም ዝሳቐዩ ይሕብሩ። ስእነት መግቢ ንጥዕናዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ካልእ መዳያትን ብኣሉታ ዝጸሉ ዓቢ ብደሆ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን ብዘይካ ስእነት መግቢ፡ ዘይተመጣጠነ መኣዛዊ መግብን ዘይሰሩዕ ኣመጋግባን ካብ'ቶም ጌናም ዝረኣዩ ዘለዉ ማሕንቖታት እዮም።

ብዙሕ ኣሃዝ ካብ ህዝቢ ዓለም ካብ ጥሜት ብምግልጋል እኹል ቀረብ መግቢ እኳ እንተረኸበ፡ ብሰንኪ ዘይቅርዕውን መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ብዘይ ምምጋቡን ንዝተፈላለዩ ሕማማት ይቃልዑ ኣለዉ። ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም መሽሮ፡ ሸኮርያ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ኣዝማ፡ ሕማም ልቢን ልዑል ክብደት ኣካላትን ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ኣብ ሃገርና እዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ሕማማት ጌናም ይረኣዩ ኣለዉ። ሕብረተ-ሰብና ካብዞም ሕማማት ንምክልኻል፡ ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ ምምጋብ ብስሩዕ ክተኣታትዎ ይግባእ። ዝበዝሐ ኣሃዝ ካብ ህዝቢ ኤርትራ መተኣብርኡ ብንጥፈታት ማሕረስ ይመርሕ። ስለዚ፡ ዚ ብምጥቃም ቀጻሊ ሓደ ዓይነት ወይ ውሱን ምህርቲ ካብ ምፍራይ ብምቁጣብ፡ ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ረብሓ ዘለዎ ዘራእቲ ብምፍራይ ንስድራቤቶምን ከባቢኦምን ዝተመጣጠነ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ፍርያት ክቐርቡ ይግባእ።

ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ከተማታትን ሓወሲ ከተማታትን ዝነብሩ ህዝቢ እውን ብንኡስ መጠን ኣብ ኣፈፌት ቤቶም ዝተመጣጠነ ትሕዝቶ ዝሓቘፉ ዘራእቲ ብምፍራይ፡ ጥዕና ስድራቤቶም ወሓስ ክገብሩ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፡ ስድራቤታት ካብ ደኽነትን ካብ ናይ ዕዳጋታት ፍርያት ምጽባይ ናጻ ብምግባርን ብቑጠባ ርእሰን ንኽኽእላ ኣበርክቶ ይህልዎ።

ዝተመጣጠነ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዝሓቘፈ ዝበሃል መግቢ እቶም ኣገደስቲ መኣዛታት ከም ፕሮቲን፡ ካርቦሃይድረይት፡ ማይ፡ ስብሒ፡ ቪታሚንን ማዕድንን ዝሓዘ እዩ። እዞም መኣዛታት መግቢ ዘለዎም ጥዕናዊ ረብሓን ኣብ ኣየናይ ዓይነት መግቢ ከም ዝርከቡን ዝገልጽ ሓበሬታ ይስዕብ።

ቀዳማይ፦ ፕሮቲን ሓደ ካብ ዓይነት መኣዛዊ መግቢ ኮይኑ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ስርዓት-ኣመጋግብኡ ብሰፊሑ ክተኣታትዎ ይግባእ። እቲ ዘውንኖ ትሕዝቶ ብዙሕ ጥዕናዊ ረብሓታት ዝሓቘፈ እኳ እንተኾነ ንወሉድ ካብ ጥቕምታቱ ምስ እንዝርዝር ንዕብየትን ድልዳለን ጭዋዳታት ኣድላዪ እዩ። ከምኡ'ውን ንኣዕጽምቲ፡ ጸጉርን ቆርበትን ኣገዳሲ እዩ። ካልእ ኣብ ምስራሕ ወይ ምንቅስቓስ ዋህዮን ቲሹን ከም ሞተር ኮይኑ ሓይሊ ይህብ። እቲ ዓይነት መኣዛዊ መግቢ ካብ ቀይሕ ስጋ፡ ደርሆ፡ ዓሳን መግቢ ባሕርን፡ ባልደንጓ፡ እንቋቑሖን ካልእን ይርከብ።

ካልኣይ፦ ቪታሚን ኣካል መኣዛዊ መግቢ ኮይኑ ብቐንዱ ዓሰርተ ሰለስተ ዓይነታት ይጥርነፍ። ሰባት ንትሕዝቶ ቪታሚን ብቐሊሉ ካብ ኣሕምልቲ፡ ፍረታትን ስብሒ ዘይብሎም ፕሮቲናትን ክረኽብዎም ይኽእሉ። እዚ ዓይነት ትሕዝቶ ብወሉድ ዓቕሚ ዝምግቡን ጸገም ስርዓት-ምሕቃቕ ዘለዎምን ኣብ ስሩዓ ኣመጋግባኦም ክተኣታትውዎ ይግባእ።

ካብ እወታዊ ጎድኑ ምስ እንዝርዝር፡ ሕማም ንምክልኻል ዝሕግዝ ጭኡታ ኣብ ምፍራይ ይሕግዝ። ካልእ ገለ ካብ ዓይነታት ሕማም መሽሮ ይከላኸል። ብዘይካ'ዚ፡ ኣዕጽምትን ኣስናንን ክተሩ ኣበርክቶ ይህልዎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ስርዓት ጭዋዳታትን ሓንጎልን ስርሖም ብግቡእ ንኽፍጽሙ ይሕግዝ።

ሳልሳይ፦ ትሕዝቶ ማዕድን ካብ ዓይነት መኣዛዊ መግቢ እዩ። ንባዕሉ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ዓይነት ማዕድናት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ንነፍሶም እውን ኣብ ኣካል ሰብ ኣፍቶም ጥዕናዊ ኣበርክቶ ኣለዎም። ንገለ ካብኡ ምስ እንጠቕስ፡ ዓቐን ማይ ኣካላት መጠናዊ ንክኸውን ይሕግዝ። ስዒቡ፡ ጥዕና ኣዕጽምቲ ኣብ ምሕላው እጃሙ የበርክት። ቆርበት ኣካላት፡ ጸጉርን ኣጽፋርን ንኽዓብዩን ክድልደሉን ይሕግዝ። ብዘይካ'ዚ፡ ደም ኣብ ኣካላት ንኽዩረሮ ይሕግዝ። ኣብ መላእ ኣካላት ኣክስጂን ንምምልላስ ኣበርክቶ ይህልዎ። እቶም ማዕድናት ካብ ዓሳታት፡ ጸባን ፍርያት ጸባ፡ ኣሕምልቲ፡ ባልደንጓ፡ ጥረታት፡ ኣእኻል፡ ኣቑጽልቲ፡ ፍረታትን ካልእን ይርከቡ።

ራብዓይ፦ ስብሒ ሓደ ካብ ዓይነት መኣዛዊ መግቢ ኮይኑ፡ ምሕር ምስ ዝዘውተር ብዙሕ ጥዕናዊ ሳዕቤን ከውርድ ይኽእል። እንተኾነ፡ ብግቡእ ኣገባብ እንተ ተመጊቡዎ፡ ዋህዮታት ንምዕባይ፡ ደም ንኽዩረሮ፡ ሓይሰቲ ዋህዮታት ንምህናጽ፡ ሕማም ልብን ሸኮርያ ቀጻሪ ክልተን ኣብ ምቕናስ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። ምንጪ እዚ ትሕዝቶ መግቢ ካብ ዓሳ፡ ዘይቲ ዝሕዙ ኣሕምልትን ኮፍንትን፡ ዘራእትን ካልእን ክርከብ ይኽእል።

ሓሙሻይ፦ ካርቦሃይድረይት ካብ ኣገደስቲ መኣዛዊ መግቡታት ሓደ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ንዋህዮታትን ቲሹታትን ሓይሊ ኣብ ምሃብ ልዑል ተራ ስለ ዘለዎ። ጥዕና ጭዋዳታት፡ ኣእምሮ፡ ስርዓት-ምሕቃቕን ካልእን ኣብ ምሕላውን ምዕባይን እውን ልዑል ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። ከምኡ'ውን ኣሕምልቲ፡ ፍረታት፡ ሓመዳዊ ሩዝ፡ ከሎም ዓይነት ፓስታን ባንን ኣብ ከርሶም ትሕዝቶ ካርቦሃይድረይት ይርከቦ። ትሕዝቶ እቲ መኣዛ ዝሓዙ ከም ባኒ፡ ፓስታን ሩዝን ብወሉድ ዓቐን ክወሰዱ ይግባእ።

ሻድሻይ፦ ማይ እውን ካብ ኣገደስቲ ዓይነት መኣዛዊ መግቢ እዩ። ሰብ ንወሉድ መዓልታት ብዘይ ማይ ክነብር ዘኽእል እኳ እንተኾነ፡ ድሕሪ ውሱን እዋን ግን ተጻዋርነቱ ክጎድል ግዴታ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ዝበዝሐ ክፋላት ኣካላትና ብማይ ስለ ዝቖሙ፡ ኩሎም ዋህዮታት ንኽሰርሑ እውን ማይ ግድን ስለ ዘድሊ። ስለዚ፡ ብዙሕ ዓይነት ሕማም ንምክልኻል ማይ መሰረታዊ ክዘውተር ዘለዎ መኣዛ እዩ።

ንኣካላት ደቂ-ሰብ ካብ ዘድልዩ መሰረታዊ መግቡታት፡ ዓሳ ሓደ እዩ። ኣብዚ እዋን ኣብ ሃገርና ምርባሕ ዓሳታት ኣብ ዘይጨዋም ማያዊ ኣካል ንምትእትታው ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ይካየዱ ኣለዉ። እቲ ዕማም ካብ ማያዊ ኣካል ርሒቑ ዝነብር ክፋል ሕብረተ-ሰብ፡ ብቐሊሉ መግቢ ዓሳ ንኽረክብ ዝሕግዝ እዩ። ስለዚ፡ ነቲ ኣብ ዲጋታት ተጀሚሩ ዘሎ ንጥፈታት፡ ሕብረተ-ሰብ ኣጉዲኑ ብምግዛብ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ብምትሕብባር ክሰርሓሉ ይግባእ።

መግቢ ዓሳ ምምጋብ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ንኣብነት፡ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ከም ጸቕጢ ደም፡ ወቕዒ ልብን ስምጽን ካብ ምጥቃዕ ይከላኸል። ከምኡ'ውን ነፍሰጾር ኣደ ዓሳ ትምገብ እንተ ኾይና፡ እቲ ዕሸል ብጽቡቕ ንኽዓቢን ምሉእ ጥዕና ንኽውንን ይሕግዝ።

ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ብሰንኪ ዘይሰሩዕን ዘይተመጣጠነ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መግቢ ብምምጋብን ከም ዝኸሰቱ ይፍለጥ። ብሰሪ እቶም ሕማማት ኣብዚ እዋን ብዙሕ ካብ ህዝቢ ዓለም ዝተፈላለየ ማሕልኾታት ክገጥሞ፡ ካብኡ ዝሓለፈ እውን ንሞት ይቃላዕ ኣሎ።

ዘይተመሓላለፊ ሕማም መሽሮ



ብሰንኪ ዘይንቡር ምርባሕን ምዝርጋሕን ዋህዮታት ኣብ ኣካላት ደቂ-ሰብ ይስዕብ። እቲ ሕማም ዓለምለኻዊ ዝርግሐ ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ዝማዕበላን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ቀንዲ ጠንቂ ሞት እዩ። ብዘስዕቦ መጠን ሞት ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ብቐዳማይ ደረጃ ክስራዕ እንከሎ፡ ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ከኣ ካልኣይ ደረጃ ይሕዝ።

ምትካኽ ሽጋራ ወይ ትንባኾ፡ ኣብ ስርዓት ኣመጋግባ ኣሕምልትን ጽሕጉታትን ዘይምምጋብ፡ ምኽንያቱ ዘይተፈላለዩ ረኽስታት፡ ናይ ጸሓይን ኣብ ሕክምና ዝግበር ተደጋጋሚ ጨረርታ (x-Ray)፡ ተወርሶኣዊ፡ ከባብያዊ ለውጢ (ናይ ስራሕ፡ ብኸሉ ቀመማትን) ካልኦትን ካብ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም መሽሮ እዮም።

ልዑል ጸቕጢ ደም ኣብዚ እዋን ንሕብረተ-ሰብ ዘጥቅዕ ዘሎ ካልእ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ብማእከላይ ግምጋም ንቡር ጸቕጢ ደም ካብ 120\80 mmHg እዩ። ልዑል ጸቕጢ ደም ኣብ ክልተ ይኽፈል። ቀዳማይ፡ ኣብ ዝበዝሑ ሰባት (90-95%) ዝርአ ጠንቁ ዘይተፈልጠ ኮይኑ፡ ብዝሓምታ ኣብ ነዊሕ እዋን ይምዕበል። ካልኣይ፡ ኣብ ውሑዳት ሰባት ዝርአ ማለት (5-10%) ኮይኑ፡ ብሃንደበት ይምዕበል።

ጠንቂ ልዑል ጸቕጢ ደም እቲ 95% ንጹር እኳ እንተ ዘይኮነ ካብ'ቶም ጸለውቲ ዝበሉ ረቛሒታት ምስ እንምልከት፡ ልዑል ክብደት ሚዛን፡ ጉድለት ቅሉዕ ኣገባብ ኣመጋግባ፡ ሕማም ሸኮርያ፡ ናይ ኩሊት ሕማማትን ጥረ ኣብ ጸኒ ኣድረናሊንን፡ መከላኸሊ ጥንሲ መድሃኒት፡ ትምባኾ ወይ ሽጋራ፡ ልዑል ዓቐን ኣልኮላዊ ማስተን ብብዝሒ ጨው ምጥቃም፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፡ ዋሕዲ ምምጋብ ኣሕምልትን ፍረታትን ካልኦትን ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ካብ ዓይነት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝኾነ ካልእ ሸኮርያ እዩ። ኣብዚ እዋን ንሰፊሕ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ዘጥቅዕ ዘሎ ሕማም እዩ። ዓቐን ግሉኮዝ ኣብ ደም ካብ ንቡር ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ሕማም ሸኮርያ ይኸሰት። ኣብ ዓለም ኣስታት 422 ሚልዮን ህዝቢ ግዳያት እቲ ሕማም ምዃኖም ይፍለጥ። ኣብ ዝቐጸለ ዓሰርተ ዓመታት፡ ቁጽሪ ግዳያት ብዕጽፊ ክወሰኽ ከም ዝኽእል ይእመት። ሕማም ሸኮርያ ቀዳማይ ዓይነት፡ ካልኣይን ኣብ እዋን ጥንሲ ዝኸሰትን ተባሂሉ ይኽፈል።

ጠንቂ ቀዳማይ ዓይነት ሸኮርያ፡ ጸኒ ቆስጠ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ነቲ ኢንሱሊን ምፍራይ ምስ እተቋርጽ የጋጥም። በዚ ዓይነት ዝተጠቕዑ ሰባት መዓልታዊ ኢንሱሊን ዝተባህለ ሆርሞን ክወስዱ ይግደዱ። ካልኣይ ዓይነት እቲ ጌና ዝርአ (90%) ዓይነት ሸኮርያ እዩ። ጸኒ ቆስጠ ኢንሱሊን ሆርሞን እናዝዐት እንከሎ፡ ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ግን ኣካላትና ነቲ ኢንሱሊን ኣይጥቀመሉን። ከም ሳዕቤኑ፡ ግሉኮዝ (ሽኮር) ኣብ ደም ካብ ንቡር ዓቐን ንላዕሊ ይኸውን።

ብንጹር ጠንቂ ካልኣይ ዓይነት ሸኮርያ ዝፍለጥ እኳ እንተ ዘይኮነ ክረኽ፡ ትሑት ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ተወርሶኣዊ፡ ገፊልን ዝተመጣጠነ መግቢ ዘይምምጋብን፡ ኣብ እዋን ጥንሲ ዝኸሰትን ዝቐጽልን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብ እዋን ጥንሲ ዝኸሰት ዓይነት ሸኮርያ፡ ቅድሚ ጥንሲ ካብ ዝነበረ ዓቐን ሽኮር ኣብ ነፍሰጾራት ዝለዓለ መጠን ምስ ዝረኣ እዩ። ኣብ ሰለስቲኦም ዓይነት ሸኮርያ ዝረኣዩ ምልክታት ምስ እንጠቕስ፡ ቀቀልጢፍካ ብብዝሒ ምሻን፡ ቀጻሊ ስምዒት ጥሜት፡ ብርቱዕ ጽምኢ፡ ልዑል ምጕዳል ሚዛን ኣካላት፡ ሕውዝውዝ ምባል፡ ድኻምን ካልእን እዮም።

ኣብ'ዞም ዝተጠቕሱ ዘይተመሓለፍቲ ሕማማት፡ ኣብ ሙብዛሕትኡ ጠንቅታት ዘይሰሩዕን መኣዛዊ መግቢ ዘይምምጋብን እዩ። ስለዚ፡ ሕብረተ-ሰብ ኣገዳሲነት ዝተመጣጠነ መኣዛዊ መግቢ ብምግንዛብ፡ ምንጪ ቀረብ መግቡ ካብ ዕዳጋታት ጥራይ ካብ ዝሕጸር ኣብ ቀጽሪ ቤቱ ወላ'ውን ብንኡስ ዓቕሚ ክፍሪ ይግባእ።



# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ጋሻ ሸባብ

# “ወርሓዊ ጽግያት ቀጻልነት ወለዶታት ዘረጋግጽ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ’ዩ።”

- ክኢላ መወልዳን ሄለን ገብረታትዮስ ኣማኑኤል

*ኣባል መበል 25 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ መንእሰይ ሄለን ገብረታትዮስ ኣማኑኤል፡ ኣብ 1994’ያ ኣብ ኣስመራ ከባቢ እምባጋልያኖ ተወሊዳ። ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ምሉእ ነጥቢ (4) ብምርካብ ኣብ ኣስመራ ኮለጅ ጥዕናን ስነ-ፍልጠትን ንኣርባዕተ ዓመት ዓውዲ ነርሲን (Nursing) ድሕሪ ምክትታል ፡ ኣብ 2017-2019 ብዓውዲ መወልዳን (Midywifery) ብደረጃ ማስተርስ ተመሪቓ። ካብ ወርሒ ሕዳር 2019 ጀሚራ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ኣብ ክፍሊ ፍርያምነትን ጾታዊ ጥዕናን (Reproductive And Sexual Health) ተመዲባ ትሰርሕ ኣላ። ሄለን ናይ ሎሚ ዕድምቲ ጋሻ ሸበብ’ያ ሰናይ ንባብ!*

*** ብመጀመርታ ርሑስ ሓድሽ ዓመት እምነየልኪ!**

- ኣሕቢሩ!

*** ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ምሉእ ነጥቢ ንኽትረኽቢ ዘካየድክዮ ጻዕሪ. . .**

- ተመሃሪት ካልኣይ ክፍሊ ከለኹ፡ ገለ ተወዳደርቲ ተማሃሮ ክርኢ ከለኹ፡ ቅዱስ ቅንኢ ምስ ሓደረኒ፡ ኣነ’ውን ኣበርቲዐ ከጽንዕን፡ ትምህርተይ ብዕቱብ ክከታተልን ጀሚረ። ብድሕሪዚ፡ ክሳብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ተማሃሪት ኣብ ዝነበርኩሉ ሓንቲ ካብ’ቶም ቀዳሞት ተወዳደርቲ ብምዃን ቀጺለ። ኣብ ሳዋ እንተኾይኑ ከኣ፡ ዘበዝሕ ግዜ ቅድሚኡ ዘጥረኻዮ ውህሉል ዓቕሚ ሒዝካ ስለ እትኸይድ፡ ይብዛሕ ይውሓድ፡ እቲ ሒዝካዮ ንሳዋ እትኸይድ ስንቂ ወሳኒ ይኸውን። ብወገነይ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ብሓፈሻ፡ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝተመሃርካዮ እትፍትኖ’ምበር ናይ ምንባርን ዘይምንባርን ሕቶ ኣይኮነን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ’የ፡ ኣብ ሳዋ ረጊአ፡ ነቲ ሒዘዮ ዝኸድኩ ዓቕሚ ክፍትሾን ብቐጻሊ ጻዕሪ ከማዕብሎን ክኢለ። ጐድኒ ጐድኒ ናይ’ዚ ድማ፡ ብቐንዱ ተራ ወለዲ ወሳኒ’ዩ ነይሩ። ብፍላይ ኣብ መባእታ ኣብ ዝነበርኩሉ ብዕቱብ ይከታተሉኒ ነይሮም። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ናብ’ዚ በጺሐዮ ዘለኹ ደረጃ ክበጽሕ በቒዐ።

*** ዓውዲ ነርሲን (Nursing) ዝመረጽክሉ ምኽንያት እንታይ’ዩ?**

- ኣብ’ቲ ኮለጅ ምስ ኣተና፡ ኣርባዕተ ምርጫ’ዩ ነይሩና። ሓንቲ ካብኣተን ሞያ ነርሲን’ያ ነይራ። ነርሲን ከኣ ዝያዳ ምስ ሕሙም ዘራኽብ ብምዃኑ፡ ብዙሓት ካብ ሓትኖታተይ’ውን ኣብ’ዚ ሞያ’ዚ ዝነጥፉ ብምዃነን፡ ናታተን ጽልዋ ስለ ዝነበረኒ’የ መሪጸዮ።

*** እቲ ትምህርቲ ከመይ ነይሩ?**

- እቲ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ’ቲ ግብራዊ ሸነኹ ኣህላኺ’ዩ። ቀንዲ ዕላማ ነርሲን ንሰባት ምሕጋዝ’ዩ። እቲ እትረኽቦ ሕልናዊ ዕግበት ስራሕካ ብትብዓት ክትቅጽል ደራኺ ሓይሊ ይኾነካ’ዩ። እቲ ትምህርቲ ኣብ ኣስመራ ኮለጅ ጥዕናን ስነ-ፍልጠትን ምሉእ መዓልቲ ዝወሃብ ኮይኑ፡ ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ኩለን ሆስፒታላት እናተንቀሳቐስና ግብራዊ ትምህርቲ፡ ድሕሪ ቀትሪ ድማ ኣብ’ቲ ኮለጅ ብክልሰ ሓሳብ ንቕጽል። እቲ ግብራዊን ክልሰ ሓሳባዊን ትምህርቲ ጐኒ ጐኒ ዝኸይድን፡ ኣርባዕተ ዓበይቲ ክፋላት ዘጠቓልልን’ዩ። ጥዕና ቈልዑ፡ ጥዕና እኹል ሰብ፡ ሕርሲን ጥንሲን ከምኡ’ውን ኣእምሮኣዊ ጥዕና ዝምልከት’ዩ።

*** ድሕሪ ባይታ ዓውዲ ነርሲን?**

- ነርሲን ብእንግሊዛዊት ፍሎረንስ ናይቲንገል ዝተመስረተ ኪኸውን ከሎ፡ ምስ ኩናት ዝተኣሳሰር ታሪኽ ዘለዎ’ዩ። ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ብዙሓት ግዳያት ናይ’ቲ ኩናት ብሰንኪ ስእነት ሕክምናዊ ክንክን ክሞቱ ምስ ጀመሩ፡ ሓደ ካብ’ቶም መኮንናት ንፍሎረንስ ኣብ’ቲ ክንክን ክትተሓጋገዝ ጸዊዑዋ። ንሳ ከኣ ብዘይ ተጉላባነት ነቲ ዝነበራ ሞያዊ ክእለት ተጠቒማ፡ ነቲ ክስዕብ ዝነበሮ መጠነ ሞት ከም ዝጐድል፡ ኣብ ርእሲ ምግባራ፡ ንኻልኦት’ውን ነቲ ዝነበራ ሕክምናዊ ፍልጠን ካብ ምክፋል ድሕር ኣይበለትን። ብሓጺሩ ድሕረ ባይታ ናይ ነርሲን እዚ ኮይኑ፡ ካብ’ቲ እዋን’ቲ ጀሚሩ እናማዕበለ ብምምጻእ፡ ክሳብ’ዚ ሕጂ ዘርከበሉ ዘሎ ደረጃ ክበጽሕ ክኢሉ።

*** ካበይ ናበይ ማለት’ዩ?**

- ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ስነ ፍልጠታዊ ባይታ ዘይኮነ ዝያዳ ልምዳዊ’ዩ ነይሩ። ልክዕ ከም ሓንቲ ጓለንስተይ ኣብ ገዛእ እተዘውትሮ ናይ ጽሬት ንጥፈታት’ዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ’ውን ከም ተለኣኣኺቲ ናይ’ቲ እዋን’ቲ ሓካይም’የን ነይረን ክበሃል ይከኣል። ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ግና፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ስነ ፍልጠታዊ ባይታ ዘለዎ ሞያ’ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ሓደ ነርስ ጾታ ብዘየገድስ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም መርመራታት ኣካይዶም ምሉእ ክንክን ክህቡ ይኽእሉ’ዮም። ከም ምድላው መጽናዕታዊ ጽሑፋት፡ ንሕብረተሰብ ጥዕናዊ ንቕሓት ኣብ ምምስራጽ ምንጣፍ፡ ብዓቢኡ ድማ፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ኣብ ምሕንጻጽ ጥዕናዊ ፖሊሲ ዓቢ እጃም ኣለዎም።

*** ዝበዝሕ ግዜ ሞያ ነርሲ ንደቀንስትዮ ጥራይ ዝምልከት’ዩ ዝምስል ነይሩ?**

- እተን መጀመርታ ኣብ’ዚ ዓውዲ ዝነጥፋ ዝነበራ ኩላተን ደቀንስትዮ’የን ነይረን። እዚ ድማ ንነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ምስ ምንባሩ ሞያ ነርሲ ንደቀንስትዮ ጥራይ ዝምልከት ከመስል ባህርያዊ’ዩ። ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ግና፡ ነርሲን ስነ-ፍልጠታዊ ምስ ኮነ፡ ደቂ ተባዕትዮ’ውን ብማዕረ ብዝሒ ናይ’ዚ ዓውዲ ክኾኑ ክኢሎም ኣለዉ።

*** ኣብ 2019 ብዓውዲ መወልዳን (Midywifery) እውን ብደረጃ ማስተርስ ተመሪቕኪ ኣለኺ. . . .?**



- ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ነርሲን ኣርባዕተ ክፋላት’ዩ ዘለዎ። ዓውዲ መወልዳን ድማ ሓደ ካብኡ’ዩ። እዚ ዓውዲ ሓንቲ ንዓቕሚ ሄዋን ዝበጽሖት ወይ ዝኀርዘወት ጓለንስተይቲ፡ ብህይወት ክሳብ ዘላ ብፍሉይ ምክንኻን’ዩ።

*** ከመይ ማለት’ዩ. . .**

- ሓንቲ ጓለንስተይቲ ካብ እዋን ቈልዕነት ወጺኣ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወታ ሰለስተ መስርሓት’ያ እትሓልፍ። እቲ ቀዳማይ ክፋል፡ ወርሓዊ ጽግያት ጀሚሩ ክሳብ ዕድመ ፍርያምነት፡ ዝስዕብ ክሳብ ዕድመ ንጽፈ ጽግያት፡ ከምኡ’ውን ካብ ድሕሪ ንጽፈ ጽግያት ክሳብ ብህይወት ዘላ ዘጠቓልል’ዩ። ብሓጺሩ እዚ ዓውዲ መወልዳን (Midywifery) ኣብ’ዚ ዝተጠቕሰ ክፋላት ህይወት ንእትርከብ ጓለንስተይቲ ጥዕናዊ ክንክን ዝህብ ዓውዲ’ዩ።

*** ጥዕናዊ ክንክን እንታይ’ዩ ዘጠቓልል?**

- ጥዕናዊ ክንክን እንብሎ፡ ንኹላተን ጥዕናዊ ሓበሬታ ምሃብን፡ ክንክን ጥንሲን ሕርሲን ከም ዝረኽባ ምግባርን’ዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቅድሚን ድሕሪን ጥንሲን ሕርሲን ንዘላ ጓለንስተይቲ፡ ምስ ጽግያት ዝተኣሳሰር ሕክምናዊ ክንክን ብሓፈሻ ድማ ንህዋሳት ፍርያምነት (Reproductive Organs) ዘጥቅዑ ሕማማት ምፍዋስ የጠቓልል።

*** ወርሓዊ ጽግያት እንታይ’ዩ?**

- ወርሓዊ ጽግያት ዝበሃል ወርሓዊ ዝመጽእ ካብ ክሊ ዕድመ ዓሰርተ ክልተ ክሳብ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዝጅምር ዑደት ደም (Menstrual Cycle) እዩ። እዚ ዑደት’ዚ ስሩዕ እንተኾይኑ ካብ 21-35 መዓልቲ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ካብ ክልተ ክሳብ ሸውዓተ መዓልቲ ዝጸንሕ’ዩ። እዚ ዑደት ምህላው ድማ እታ ጓለንስተይቲ ናብ ዕድመ ፍርያምነት ከም ዝበጽሐት ዘመልክት’ዩ።

*** ቅድሚ ናብ’ዚ ዕድመ’ዚ ምብጽሐን እንታይ’የን ክፈልጣ ዘለወን ወይ እንታይ ሓገዛት’ዩ ክግበረለን ዘለዎ?**

- ብቐንዱ ወርሓዊ ጽግያት እንታይ ምዃኑ ብወለዲ ይኹን መምህራን ብግቡእ ክንገረን ኣለዎ። እዚ ሓደ ካብ’ቲ ክንዕጠቐሉን ክንነቕሓሉን ዘሎና ዓቢ ጉዳይ’ዩ። ምኽንያቱ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ኣብ’ዚ ጉዳይ’ዚ ዝኾነ ኣፍልጦ ከይሃለዋ ምስ እትጸንሕ፡ ኣብ’ቲ መጀመርታ ወርሓዊ ጽግያት ኪመጻ እንከሎ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ክፈጥረላ ግድን’ዩ። ኣፍልጦ ምስ ዘጸንሓ ግና ኣይሕድሳን’ዩ። ብመሰረቱ ወርሓዊ ጽግያት ጸጋ ድኣምበር ብምስጢር ዝተሓዝ ዘሕፍር ወይ ዘሸቑርር ክስተት ኣይኮነን። ብቐንዱ ጽግያት ቀጻልነት ወለዶታት ዘረጋግጽ ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ’ዩ። ስለ’ዚ ወለዲን መምህራንን ንሓንቲ ዕድመ ግርዘውና ዘኣኸለት ጓለንስተይቲ፡ ብዛዕባ ወርሓዊ ጽግያት እኹል ዝኾነ ሓበሬታ ክህቡ ኣለዎም። እቲ ዝህቡዎ ሓበሬታ ድማ ወርሓዊ ጽግያት ምስ መጸን ቅድሚኡን እንታይ ክትብር ከም ዘለዋ፡ ኣብ’ቲ መጀመርታ ኣመጻጽኣኡ ስሩዕ ክኸውን ስለዘይክእል፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ቦርሳኣ ከም ሞዴስ ወይ መንዲል ንጽህና ሒዛ ክትንቀሳቐስ ከም ዘለዋ ክትምከር ኣለዋ።

*** ምስ ወርሓዊ ጽግያት ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ሞዴስ ወይ መንዲል ንጽህና’ዩ። ኣጠቓቕማኡ ከመይ’ዩ ክኸውን ዘለዎ? ብዙሓት ደቀንስትዮ ብመጠን እቲ ዝመጽን ወርሓዊ ጽግያት’የን መንዲል ንጽህና ዝቕይራ። ገሊአን ኣይመጸንን ብምባል ነዊሕ ሰዓታት ዝጥቀማሉ ኣለዋ. . . እንታይ ሳዕቤን ይህልዎ?**

- እዚ ብመንጽር ጽሬት ክርአ እንከሎ፡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ዋላ’ውን ብዙሕ ወርሓዊ ጽግያት ኣይምጽኣያ፡ ከም ፈሳሲን ርሃጽን ስለ ዝህሉ፡ ነቲ ሞዴስ ወይ መንዲል ንጽህናኣ ኣብ ሸሹዱሽተ ሰዓት ክትቅይሮ ተመራጺ’ዩ። ብቐንዱ መውጽኢ ክፋል ሽንቲ፡ ናብ’ቲ ርሕሚ ቀረባ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ ብቐሊሉ ንረኽሲ ሽንቲ ክትቃላዕ ስለ እትኽእል ጽሬት ኣገዳስነት ኣለዎ። እቲ እትጥቀመሉ ጨርቂ’ውን ካብ ጡጥ ዝተሰርሐ ከም ናይ ጋቢ ወይ ናይ ነጸላ እንተኾነ ተመራጺ’ዩ። ምኽንያቱ ብቐሊሉ ክጸሪ፡ ብዘይካኡ’ውን ምቱእን ነቲ ደም ዓቂቡ ስለ ዝሕዞ ናብ ካልእ ክፍሊ ኣካላት ንኽይሰግር ሓጋዚ’ዩ።

*** ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ሞዴስ ወይ መዲል ንጽህና ፈቖዱኡ ተደርብዩ ይረአ’ዩ. . .**

- ሞዴስ ጥራይ ዘይኮነ ዝኾነ ዝተጠቐምካሉ ነገር ኣብ እንዳ ጉሓፍ ክጉሓፍ ወይ ክቕበር ጥራይ’ዩ ዘለዎ። ከምዚ ዝበልካዮ ሳሕቲ የጋጥም’ዩ። እዚ ብመንጽር ጥዕና ሓደገኛ፡ ብመንጽር ስነ ምግባር’ውን ቅቡል ኣይኮነን። ብቐንዱ ንኽብሪ ደቀንስትዮ ብኣሉታ ዝጸሉ’ዩ። ግደ ሓቂ ክስተር ዘለዎ እዚ እዩ።

*** ኣብ’ዚ መዳይ ብዙሕ ዝለዓሉ ኣገደስቲ ሕቶታት ኣለዉ። እንተኾነ ምስቲ ዘሎና ውሱን ግዜ ኣብ ካልእ መዓልቲ ክንምለሶ ተስፋ እገብር። እሞ ቅድሚ ምዝዛምና ገለ ካብ መጻኢ መደባትኪ. . .**

- በዚ ዓውዲ ክቕጽል እደሊ (PHD)፡ ብተወሳኺ ንንጽፈ ጽግያት ዝምልከት ጽሑፍ ከቕርብ መደብ ኣሎኒ።

*** ኣብ መወዳእታ. . .**

- ካብ ፈለማ ናብ’ዚ ደረጃ’ዚ ክበጽሕ ንዘብቅዑኒ ክቡራት ወለደይ ኣቦይ ገብረታትዮስ ኣማኑኤል ኣደይ ሮማን የሃንስ፡ ንክቡራት መምህራነይን መማህርተይን ከምኡ’ውን ብናጻ ንዘምሃረና ህዝብን መንግስትን ብልቢ ኣመስግን።

**ዮናስ ኣብርሃም ሓጐስ**

# ምትፍናን ኣመሪካን ኢራንን ካበይ ናበይ?

ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከተማ ባቕዳድ - ዒራቕ ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢራንን ዒራቕን ብሰብኣልቦ ነፋሪት መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻማ፡ ኢራን ሕነ ክትፈዲ ምዃና ብመገዲ ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒኣ ኣያቶላህ ዓሊ ከመንኢ ኣቢላ ኣጠንቂቓ ኔራ። መሓዛ ኢራን ዝኾነ መራሒ ሊባኖሳዊ ውድብ ሕዝቦላህ ሓሰን ነስረላህ ብወገኑ፡ ሕዝቦላህ ሕነ ናይቲ በቲ መጥቃዕቲ ዝተቐተለ ኢራናዊ ኣዛዚ ሓይልታት 'ቅዱስ' - ጀነራል ቃሰም ሶሌማኒ ከምዘፈዲ ብ6 ጥሪ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣጠንቂቑ ኔሩ። ወዲ 62 ዓመት ሚጀር ጀነራል ቃሰም ሶሌማኒ፡ ከም ቀንዲ ሃንዳሲ ረብሓታት ኢራን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ፡ ኣብቲ ከባቢ ዓቢ ጽልዋ ዝነበሮን መኩንን እዩ ነይሩ።

እቲ ብኣመሪካ ዝተፈጸመ ቅንጸላ ኣብ ልዕሊ'ቲ ጀነራል፡ ግብረ-መልሲ ናይቲ ሚልሻታት ኢራን ኣቐዲሞም ኣብ ልዕሊ ኣብ ዒራቕ ዝርከብ መዓስከራት ኣመሪካ ዘካየዱዎ ናይ ሮኬታት መጥቃዕቲ ከም ዝኾነ'የም ጸብጻባት ዝሕብሩ። ድሕሪ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኢራን ሕነ ክትፈዲ ምዃና ዝሓበሮ መግለጺ ኣብ ግብሪ እንተ ኣውዒላቶ፡ ኣመሪካ ብዓጸፌታ ክትምልሰሉ ምዃና፡ ማለት፡ ኣብ ዓለማዊ ውርሻ ዝሰፈሩ ኣገደስቲ ባህላዊ ሓድግታት ንዝርከቡዎም 52 ዒላማታት ክትድብድብ ምዃና ኣጠንቂቑ ኔሩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ኢራን ንመጠንቀቕታ ኣመሪካ ዕሽሽ ብምባል፡ ነቲ ዘውጽኣቶ ቃል ናብ 8 ጥሪ ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ተግባራዊ ገበረቶ። ንሳ ኣብ ዒራቕ ዝርከቡ ወተሃደራት ኣመሪካ ዝዓስከሩሎም ኤርቢልን ኣልኣሳድን ዝተባህሉ ክልተ ወተሃደራዊ መዓስከራት፡ ብ22 ባሊስቲክ ሚሳይል ደብደበቶም። ህዝቢ ኢራን ብቐትለት ጀነራል ሶሌማኒ ኣዝዩ ኑዲሩ ስለ ዝነበረ፡ መንግስቲ ኢራን ነቲ ንዱር ቁጥዐ ዘተሓዳድእ ወተሃደራዊ ግብረ-መልሲ ካብ ምውሳድ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮን።

ላዕለዋይ መንፈሳዊ መራሒ ኣያቶላህ ዓሊ ከመንኢ ኣብ 1979 ካብ ስደት ናብ ጤህራን ካብ ዝምለስ ንድሓር፡ ኢራን ነቲ እስላማዊ ሰውራዊ ስነ-ሓሳባ ካብ ዶባታ ወጻኢ ብምስፋሕ፡ ምስ ኣብ ሊባኖስ ዝርከብ ዕጡቕ ሓይሊ 'ሕዝቦላህ' ክትሰርሕ ጸኒሓን ኣላ። እቲ ዓ.ቢ. ጽልዋ ዘለዎ ሊባኖሳዊ ሓይሊ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ቀንዲ መሻርኽቲ ኢራን ዝኾኑ ሓይልታት ከም ዝኾኑ'የም ዝተፈላለዩ ወገናት ዝገልጹ። ኣብ 1979፡ ኣያቶላህ ዓሊ ከመንኢ ዝመርሖ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ነቲ ብኣመሪካ ዝድገፍ ዝነበረ መሓመድ ሬዛ ፓህላቪ ዝመርሖ ዝነበረ ስርዓት ካብ ስልጣኑ ድሕሪ ምዕላዉ፡ ኢራን ምስ ኣመሪካ ዝነበራ ዝምድና ብቕጽበት'ዩ ተበቲኹ።

ፓህላቪ ካብ ስልጣኑ ምስ ተኣልየ፡ ዝረጋጠሞ ሕማም መንሸሮ ንምፍዋስ ንሕክምና ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከምርሕ'ዩ ተራእዩ። እንተኾነ መንግስቲ ኢራን፡ ፓህላቪ በቲ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ኢራናውያን ዝፈጸሞ ዓመጽ ፍርዱ ንኽቕበል ናብ ኢራን ክርከብ'ኳ እንተ ሓተተ፡ ሕ.መ.ኣመሪካ ግን ነቲ ሕቶ ነጺጉቶ። በዚ ዝተቖጥዑ ኢራን ንላዕለዎት ኣባላት ኤምባሲ ኣመሪካ ኣብ ጤህራን ካብ 4 ሕዳር 1979 ክሳብ 20 ጥሪ 1981 ጅሆ ብምሓዝ ግብረ-መልሲ ሃቢትሉ። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ኣብ ጥርዚ በጺሑ ዝርከብ ወጥሪ ኣመሪካን ኢራንን እምበኣር፡ መበገሲኡ ቅድሚ 40 ዓመታት ከም ዝኾነ ካብዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ብቐሊሉ ክንርድኦ ንኽእል።

ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ 2019፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ኣብ መዝገብ ግብረ-ሽበራ ከምዘስፈሮ ይዝከር። ኢራን'ውን ብወገና፡ ነቲ ኣብ ሃገራት ወሽመጥ ዓስኪሩ ዝርከብ ሰራዊት ኣመሪካ ከም ኣሸባሪ ብምግላጽ፡ ኣብ መዝገብ ግብረ-ሽበራ ኣስፊራቶ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብቲ ዞባ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣመሪካ ኣብ ሓደጋ ክወድቕ ከምዝኽእል ክተጠንቕቕ ጸኒሓ።

እቶም ኣብዚ ሰሙን'ዚ ብሚሳይል ኢራን ዝተደብደቡ ክልተ መዓስከራት ኣመሪካ፡ ኣስታት 1500 ወተሃደራት ኣመሪካ ዝዓስከሩሎም እዮም። እቶም ወተሃደራት፡ በቲ ኢራን ክተስምዖ ዝጸንሐት ሕነ ናይ ምፍዳይ ፈኸራ ኣብ ተጠንቀቕ ከም ዝነበሩን፡ ኣንጻር ዳዕሽ ንዘካይድዎ ዝነበሩ ወተሃደራዊ ስርሒት እውን ብኡ ምኽንያት ኣቋሪጾሞ ከም ዝጸንሑን እዩ ዝግለጽ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ በቲ ኢራን ዝወሰደቶ መልሰ-መጥቃዕቲ ዝተጎድአ ዋላ ሓደ ወተሃደር ከም ዘየለ ክሕብር እንከሎ፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኢራን ብወገኖም፡ እቲ ዘካየድዎ ናይ ሚሳይል መጥቃዕቲ ዕላማኡ ወተሃደራት ኣመሪካ ንምቕታል ዘይኮነስ ኣብኡ ዝነበረ ከቢድቲ ኣጽዋርን ካልእ ወተሃደራዊ መሳለጥያታትን ንምዕናው ከም ዝነበረ ኣረዲኦም።




ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ (ሴኔት) ሊንድሰይ ግራም፡ እቲ ኣብ ዒራቕ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኣመሪካ ዝተፈጸመ ደብዳብ ንውግእ ዝዕድም ሓደገኛ ስጉምቲ ምዃኑ ክገልጽ እንከሎ፡ ሰብ መዚ መንግስቲ ኢራን ግን፡ እቲ ደብዳብ ግብረ-መልሲ ናይቲ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ጀነራል ቃሰም ሶሌማኒ ዝወሰደቶ ናይ ቅንጸላ ስጉምቲ ደኣ'ምበር፡ ምስ ኣመሪካ ውግእ ስለ ዝተደልየ ዝተፈጸመ ከም ዘይኮነ ሓቢሮም። ምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ኣቐዲሙ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ ኣመሪካ ብዓለማዊ ውርሻ ኣፍልጦ ዝረኸበ ባህላዊ ሓድግታት ኣብ ዘጠቓልል 52 ዒላማታት ኢራን ክተካይዶ ወጢናቶ ዝነበረት መጥቃዕቲ፡ መራሕቲ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ስልጣን ምስ ጨበጡ ካብ 1979 ክሳብ 1981 ኣብ ጤህራን ን444 መዓልታት ጅሆ ንዝሓዙዎም 52 ኣመሪካውያን ዘመልክት ምዃኑ ክሕብር እንከሎ፡ ፕረዚደንት ኢራን ሓሰን ሮሓኒ ድማ፡ ትራምፕ ነቶም ኣብ 1988 ብመርከብ ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ተወቒዓ ኣብ ወሽመጥ ፋርስ ምስ ዘተሓምሸሸት ሲቪላዊት ነፋሪት ኢራን ዝተቐዝፉ 290 ኢራናውያን እውን ክዝክር ይግባእ ክብል ኣተሓሳሰበ።

ኣብ 2015 ኣብ መንጎ ኢራንን ሽዱሽተ ሓያላን ሃገራት ዓለምን ዝተኸተመ ኒክሌሳዊ ስምምዕ፡ ኢራን ኒክሌሳዊ ኣጽዋር ንምፍራይ ዘኽእላ ዕድላት ክኸልፍ፡ ኣምሳያኡ ድማ ኣብ ልዕሊኣ ጸኒዑ ዝነበረ ተደራራቢ እገዳታት ብኸፊል ክለዓል ዝጠልብ ነበረ። እዚ ከኣ ነቲ ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ዝነበረ ቅርሕንቲ ብምህዳእ፡ ናብ ሓድሽ ናይ ዝምድና ምዕራፍ ክሰጋገራ ተስፋ ተኣቢሩሉ ነበረ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ምስ ምምጻእ ዶናልድ ትራምፕ ናብ ስልጣን፡ "ንኢራን ጥራይ ዝርብሕ ዘይሚዛናዊ ስምምዕ" ብምባል ኣመሪካ ብኡ ንብኡ'ያ ካብቲ ውዕል ክተንሳሕብ ተራእያ። ብድሕሪ'ዚ፡ ምምሕዳር ትራምፕ ኣብ 2018 ነቲ ዝቐደመ ኒክሌሳዊ ስምምዕ ዝትክእ ዝተመሓየሸ እማመ ብምድላው፡ ኢራን ክትክትመሉ ሓተተ። ኢራን ግን 'ፍጹም' ብምባል ኣቕበጸቶ። ኣመሪካ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ እታ ሃገር እገዳ ብምጽናዕ ነቲ ኣብያ ግብረ-መልሲ ሃቢትሉ። ካብዚ ቀጺላ'ውን ኣብ 2019 ኣብ ልዕሊ እተን ንምሕጽንታኣ ጸማም እዝኒ ዝሃባ ምስ ኢራን ንግዳዊ ዝምድናታተን ዝቐጸላ ሃገራት ማዕቀብ ኣጽንዖት። ኣብ ወርሓት ግንቦትን ሰነን 2019፡ ኣብ ወሽመጥ ዖማን ኣብ ልዕሊ ሽዱሽተ ኑዳዲ ዝጸዓና መራኽብ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ኣመሪካ ፈጻሚት ናይቲ እከይ ተግባር ኢራን ምዃና ከሰሰት፤ እቲ ኣብ መንጎአን ዝነበረ ምትፍናን ድማ መሊሱ ናብ ዝበረኸ ጥርዚ ዓረገ።

ኢራን ምስታ ጎረቤታ ዝኾነት ስዑዲ-ዓረብ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክትፈሓፋሕ እያ ጸኒሓ። ዋላ'ኳ ክልቲአን ሃገራት ካብተን ምስልምና ዝኽተል ዓብላሊ ህዝቢ ዘለወን ሃገራት እንተኾና፡ ዝበዝሕ ህዝቢ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ተኸታሊ እምነት ሱና፡ ዝበዝሐ ህዝቢ ኢራን ድማ ሰዓቢ እምነት ሺዓ ብምዃኑ ግን፡ ሓደ ካብቲ ኣብቲ ዞባ ተጻረርቲ ሓይልታት ክኾና ዝቐሰበ ረቛሒ እዩ። በዚ ምኽንያት፡ ንግስነት ስዑዲ-ዓረብ ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ዓባይ ብሪጣንያን ጥቡቕ ዝምድና ክትምስርት እንከላ፡ ኢራን ድማ ብኣንጻሩ ጽልዋ ናይ'ዘን ዝተጠቕሳ ምዕራባውያን ሃገራት ካብቲ ዞባ ንምህሳስ ኪዮተሓለለት ክትሰርሕ ጸኒሓን ኣላ።

ኢራን ድሕሪ'ቲ ኣብ 1979 ዘካየደቶ እስላማዊ ሰውራ፡ ንስዑዲ-ዓረብ ከም ቀንዲ ሰላዪትን ኩዳሚትን ናይ ኣመሪካ ኣብ ወሽመጥ ፋርስ ምዃና ምስ ከሰሰታ፡ ክልተኣዊ ዝምድናኦን ናብ ዝኸፍአ ደረጃኡ ክንቆልቆል ጀሚሩ። ብድሕሪኡ ኣብ 2007፡ ፕረዚደንት ኢራን መሓሙድ ኣሕመዲነጃድ ናብ ሪያድ - ስዑዲ-ዓረብ ከይዱ ብዛዕባ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ዝመሓየሸሉ ነጥብታት ኣልዒሉ ዘትዩ'ኳ እንተ ነበረ፡ ኢራን ድሒራ ኣብ 2011 ኣብ ኩናት ሓድሕድ ሶርያ ወተሃደራዊ ጣልቃ ብምእታው ኣብ ጎድኒ ስርዓት ባሻር ኣል-ኣሳድ ደው ምስ በለት ግን፡ እቲ ክመሓየሽ ጀሚሩ ዝነበረ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት መሊሱ ናብ ደልሃመት ተደቕደቐ።

ኣመሪካ ከም ቀንዲ መሓዛ ስዑዲ-ዓረብ ብምዃና፡ ንሳ ትመርሖን ሓያሎ ሃገራት ነቲ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ኣብ ልዕሊ ክልተ ትካላት ኑዳዲ ስዑዲ ዓረብ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ብምኹናን፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ኢራን ኢድ ከም ዘለዋ ከሲሰን ነይረን። ኢራን ድማ ብኣንጻሩ ነቲ ክሲ ኣሉታዊ ምላሽ ሂባትሉ ነይራ። ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ካብዚ ብምብጋስ፡ ኢራን ኣብ ልዕሊ ኣብ መሬታ ተደኲኑ ዝርከብ መዓስከራት ሰራዊት ኣመሪካ ኣዕናዊ መጥቃዕቲ ከይተካይድ ስዑዲ-ዓረብ ኣብ ከቢድ ስግኣት ተሸሚማ ከም ትርከብ እዮም ዝገልጹ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ኣብቲ ናይ ሓሙስ መግለጺኡ፡ ንኢራን ዝኾነ ይኹን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ከምዘይወስደላ እኳ እንተሓበረ፡ ኣብ ልዕሊኣ ሰፍ ዘይብል እገዳ ከም ዘጽንዕ ግን ገሊጹ። ዝተፈላለያ ሃገራት ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ክኽሰት ዝኽእል ዘይተደልየ ወተሃደራዊ ረጽሚ ብምስጋእ፡ ብክሊ-ኣየር ኢራን ከካይዳኦ ዝጸንሓ ናይ ነፈርቲ በረራታት ጠጠው ክብልኦ ወሲነን ምህላወን ይንገር።

ኢራን ኣብ ልዕሊ መዓስከራት ሰራዊት ኣመሪካ መጥቃዕቲ ሚሳይል ኣብ ዝፈጸመትሉ ዕለት፡ 176 ገያሾን ሰራሕተኛታትን ኣሳፊራ ትበርር ዝነበረት ንብረት መገዲ-ኣየር ዩክሬን ዝኾነት 'ቦዪንግ' ዝዓይነታ ነፋሪት ኣብ ኢራን ወዲቓ ተሓምሺሻ። ብምሉኦም ተሳፈርታ ድማ ብዘይ መላሲ-ኣውያት ሞይቶም። ሰብ መዚ ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ኢራን ወተሃደራዊት ነፋሪት ኣመሪካ መሲላታ ነታ ነፋሪት ብጌጋ ስርሓት ሩስያ ብዝኾነ ሚሳይል ሃሪማ ከም ዘውደቐታ'የም ዝሕብሩ ዘለዉ። እንተኾነ፡ ሲቪል ኣቬሽን ኢራን ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ እቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ብሰንኪ ቴክኒካዊ ጸገም ደኣ'ምበር ካልእ ምኽንያት ከም ዘይብሉ ብምሕባር፡ ነቲ ብሰብ መዚ ኣመሪካን ካልኦት ወገናት ምዕራብን ዝወሃብ ዘሎ ሓበሬታታት 'ካብ ሓቂ ዝረሓቐ' ብምባል ምላሽ ሂቡሉ። ንኹሉ ናይ በረራ ሓበሬታ ዝምዝግብ ብ 'ጸሊም ሳንዱቕ' ዝፍለጥ ኣካል ናይታ ነፋሪት ንመርመራ ንዘፍረየት ሃገር ኣሕሊፉ ከምዘይህብ ዝሓበረ መንግስቲ ኢራን፡ ኣብ ሃገሩ ኣብ ዝካየድ ፈተሻ ናይቲ ሳንዱቕ ግን ክኢላታት ናይቲ ነታ ነፋሪት ዝፈረየ ኣመሪካዊ ኩባንያ ቦይንግ ክሳተፉ ፍቓድ ሂቡ ከም ዘሎ ገሊጹ።



# ድሕሪ 20 ዓመታት ዝተገልጸ ምስጢር




## ፍኖት

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

2ይን መወዳእታን ክፋል

እታ ንገዚኡ ርእሳ ቈልዓ ክሳ ኣብ ዘይ-ግቡእ ዕድመኣ ቈልዓ ዝወለደት ሻናራ ሞብሊ፡ ወላዳ ከም ዝተሰርቀት ምስ ፈለጠት፡ ሃለዋታ ኣጥፊኣ ክትወድቕ ዝተረፉ ኣይነበረን። እቶም ብቐረባ ዝከታተልዋ ዝነበሩ ኣባላት ፖሊስ፡ ባህርያት ቈልዓትን ኣደታትን ኣብ ሓደ እዋን ተጸዊሮቕ ምንባራ ይዝክሩ።

“ዋይ-ጓለይ ዋይ-ጓለይ!” እናበለት ትብዕን ዓብድብድ ትብልን ስለዝነበረት፡ ሓኪይም'ቲ ሆስፒታል ብቑዓምነት ንዓኣ ናይ ምርግጋእን ምትህድኣን ስጉምታት ኣብ ምውሳድ ተቐላጢፉ። ኩሉ በበሞያኡ ስለዝሓሰበ፡ ገሉ-ገለ ኣባላት ፖሊስ ኣብቲ ዝፀደ ዝነበረ ፍጻመ፡ ብጥበብ ዝተዛንደሰ ተዋስኦ ወይ ድራማ ከይህሉዎ ካብ ምጥርጣር ዓዲ ኣይወዓሉን። ሞብሊ፡ ኣብ መበል 14 ዓመት ዕድመኣ ዝጋጠማ ጥንሲ ኺሎቶ ምንባራ ዘመልክት ሰድ ምስ ተረኽበ፡ ሕጂውን ካብ ዘይብሰሉትን ካብ ሓላፍነት ንምህዳምን ብምህቃን ምስ ዝገኝታት ተሓብረ ዝፈጸመቶ ሽርሒ ከይከውን ጠርጠሩ።

እንተኾነ ሞብሊ፡ ዚ ዝጸንፍት ሕቶታት ክለዓል እንከሎ፡ ብዘይ-መጠን ትቑጣዕ ነበረት። ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ብወገኖም፡ እታ ኒታ ዕሸል ዝጨወየት ሰብ፡ ናይ ቀረባ ኣባል ስድራቤት ሞብሊ ክትከውን ከም እትኽእል ግምቶም ሃቡ።

ጨዋዩት፡ ምስ ኣለይቲ ሕሙማን ንምምስሳል ንጹህ ሃሳስ ሰማያዊ ግርምብያሉ፡ ከምኡ'ውን ሓኪይም ዝወድይዎ ግፍሕ ኢሉ ህሰስ ዝበለ ቀጠልያ ስረ ተኸዲና ነበረት። ሞብሊን ካልኦት ጸቡቕ ገይሮም ዘየዘኩሩዋ ተዓዘብትን ብዘዘቡዎ ሓበሬታ ድማ፡ ዕድመኣ ካብ 25-35 ዓመት ይግመት። ዲግሪ ዘለዎ ዝመስል ጸዕዳ መጸርን ኣብ ርእሳ ዝኣተወ ዓይነትን እውን ነበራ። እዚ ኸኣ፡ ጨዋዩት ደይ-መደይ ኢላን ምሉእ ምድላዋት ብምግባርን ዝፈጸመቶ ተግባር ምዃኑ የጸርዩ።

እታ ናይ ሽዑ ኩተቱ ሻናራ ሞብሊ፡ ኣብዚ እዋንዚ ናብ 40ታት ኣብ ምጽጋዕ እትርከብ ወ/ሮ እያ። ድሕሪ ግዜ ሓዊር ገይራ ሰለስተ ቈልዑ ምውላዳውን ይፍለጥ። ኒታ ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ዝወለደታ ቈልዓ “ካምያህ” ኢላ ዝሰመየትሉ ምኽንያት ክትገልጽ እንከላ፡ ኒቲ ርበጽ ናይ ኩተቱ ዕድመኣ እያ ትዝክር። እትገብሮ ዘይትፈልጥ ኣመና ወዕይቲ ቈልዓ ብምንባራ፡ ሓደ ግዜ ብዘፈጸመቶ በደል ኣብ ቤት ማእሰርቲ ትሕተ-ዕድመ መንእሰያት ተሓቢሳ ነበረት። ኣብኡ ኸኣ፡ ንፈለማ እዋን ቈልዓ ዝወለደት ትሕተ-ዕድመ ኩተቱ ረኣየት። ቤታ ህጻንን ኣደኣን ኣዚያ ስለዝተማስጠት ድማ፡ ኣትኩራ ጠመተትን። እታ ኣደ፡ “ካምያህ ጓለይ!” እናበለት ኒታ ጽብቕቲ ህጻን ክትሓቕፋን ክትስዕምን ምስ ረኣየታ፡ ንክልቲአን ፈተወተን። ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚረን ካብ ኣእምሮኣ ከም ዘይጠፍኣ'ውን ትገልጽ። ዘይ-ሓሰቡቶን ዘይተጸበዮቶን ሃንደበታዊ ጥንሲ ኢጋጠሙዋ ቈልዓ ምስ ወለደት ድማ፡ ንጓለ ብዘይ ወልወል “ካምያህ ” ኢላ ሰመየታ፣ ካምያህ ሞብሊ።

ብከቢድ ዋጋ ደኣ ኩይኑ'ምበር፡ ኣብ ናይ ጥንስን ሕርስን ግዜኣ ዘሕለፈቶ ተመኩሮ ዓብዩ ምህሮ ኣቕሲሞ። ኒቲ ብስሪ ፋሉልነታ እተምጽኦ ሳዕቤን እትሰከም ጉዳይ፡ ንሳ ባዕላ ጥራሕ ምዃና ብዮዙብሪ ተገንዘበት። ሓወቦኣ ኣብ ጉድና ክኸውን'ሲ ይትረፍ ኣብ ኮረደዮ ሆስፒታል ኰፍ ኢሉ ክሳዕ እትሓርስ ክጸበያ ኣይከኣለን። ንሱ፡ ኣብ መንን ሞትን ሕየትን ኣብ ዝተቐርቀረትሉ እዋን፡ ምስታ መሓዝያ ዝበላ ኣፍቃሪቱ ክዕንድር፡ ራሕሪሑዋ እዩ ዝኸደ። እቲ “ሂ-ብዩቢ” ዝበላ ዝነበረ ብሽውዓተ ዓመታት ዝዕብያ ገብዝ ከኣ፡ ምስ ትሕተ-ዕድመ ቈልዓ ርክብ ብምግባሩ ከይእከል ኣብ ተጠቃምነት ሓሽሽ ብምውፋሩ፣ ብድርቢ ገበናት ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተደርበየ።

ወላዲታ እውን ብኩነታታ ደኣ ትገሆምበር፡ ከም ወላዲት ኒፈጻ ኣየርከበታን። ክንድዝኾነ፡ የማ-ጸጋም ኣቐባሕቢሓ ዝረኽቦ ነገር እንተነበረ፡ ንቐልዕነታን ግርህናኣን መዝሚዙ ዝጥቀመላ ተጻዪ ጥራሕ እዩ። እምብኣርከስ፡ ኒታ ኣብ ደረታ ልጥፍ ኢላ ንፈለማ እዋን ንፋሱ ኣዱንያ ትሰሕብ ዝነበረት ጽብቕቲ ወላዳ ርእያ ተጸናንዐት። ካብቲ ሕሰም ተመኩሮ ዘዳነም ምህሮ ቀሲሙ፡ ህይወታ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክተመሓሪ ሓለነት። ሞብሊ፡ ኣብቲ ምስ “ዘ ፍሎሪዳ ታይምስ ዩንዮን” ዝገበረቶ ፍሉይ ቃለ-መሕትት ከምዚ ትብል፦

“ሓፈሻዊ ኩነታተይ ምስ ተሰወጠ፡ “እ . . . ሕጂ ካብ ጌጋይ ክመሃር ኣለኒ። ኩሉ ራሕሪሑኒ እንደዩ፣ ኣነ ግና ነዛ ጽብቕቲ ዳምቡጭ ጓለይ ዘይርኢ? በልኩ። እታ ማማይ ከኣ ከተጸናናዕኒ ዝደለየት ትመስል ፍሽኽ በለትኒ፣ ኣነ እውን ምሉእ ኣሰናዩ ክሳዕ ዝርአ ፍሽኽ በልክዋ። እዚኣ ብሓቂ ካብ ኩብደይ ዝወጸት ጓለይ'ያ ማለት ደዩ? እናበልኩ ድማ ንገዚኡ-ርእሰይ ሓተትኩ። ነዛ ‘ቀያሪት ህይወተይ’ ዝበልኩዋ ህጻን ኣዚየ ፈተኹዋ፡ ናብቲ ዝነበርኩ ገዛ ማለት እንዳ ሓወቦይ ወሰዱ፡ ኣብቲ ዝገኤኽዎ ዓራት-ቈልዓ ከይደቅሳን ክበናኽናን ደለኹ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰሚዒትን ኩነትን ከለኹ እዩ እቲ ናይ ጭውያ ስጉምቲ ዝጋጠመኒ።”

ዘይከም ተስፋኣ እታ ካብ ሕቝፋ ዝተሰርቀት ዕሸል ቈልጢፉ ክትረክብ ኣይከኣለትን። ክንድዝኾነ፡ ብሓዘንን ጭንቀትን ተመሊኣ ናብ እንዳ ሓወቦኣ ተመልሰት። ናብታ ትድቅሰላ ክፍሊ እትው ኣብ ዝበለትሉ ህሞት፡ እቲ ኣቐዲማ ዝሓኣቶ ዝቐጸት ዓራት ቈልዓ፡ በበዓይነቱ ክዳውንትን ጠጦታትን ዛሕ ኢሉ ረኣየቶ። ሽዑ፡ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሆስፒታል እንከላ ዝበኸየቶ - ኢዩ ኢላ ኣልቀሰት። እቲ ክፍሊ ርኹሱ መንፈስ ዝሰፈኖን ውቃቢኡ ዝሃደሞን ዕና ኮይኑ ስለ ዝተራእያ፡ ዋላ ንሓንቲ ደቒቕ ኰፍ ክትብል ኣይከኣለትን። በቲ ዝነበረቶ ኩነታት ሃጽ ኢላ እግራ ናብ ዝወሰዳ ቦታ ኣምረሐት።

ብልዑል ጸቕጥን ጭንቀትን ዝኣክል ከኣ ድቃስ ስለ ዝሰኣነት፡ ካብ ገዚኡ-ርእሳን ወቐሳ ሰባትን ንምህዳም ኣብ ጫካ መስተን ሽኻራንን ተዋሕጠት። “ሓሳዊት'ያ ንጓለ ዝጨወየላ ሰብ የለን። ወልፊ መስተን ሓሽሽን ስለዘለዋ እያ ብሕሱር ሸይጣታ” ዝበል ሕሜታ ሰባት ምስ ሰምዐት'ሞ፡ ንገዚኡ-ርእሳ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ካብዚ ዓለም ንምስንባት ፈተነት። ሞብሊ፡ ኒቲ ናይ ሽዑ ኩነታት ንምግላጽ ቃላት ስለትስእን ብድንብዱ “ኣብ ህይወተይ እቲ ዝጸንከረ እዋን” ብምባል ትገልጽ። ነገር ወላዲት ኮይኑዋ ድማ ፈጺማ ኣይቀበለቶትን ሎሚዶ ጽባሕ ትርከብ እናበለት ሃንቀው ትብል ነበረት።

ዓመት መጺ ወትሩ ሓምለ 10 ንዘኽሪ ልደት ካሚያህ ጓላ ቶርታ ዓዲጋ ሽምዓ ወሊዓ ጉረቡብታ ብምጽዋዕ ትጸምብል። ሓደ-ሓደ እዋን ድማ ኒታ ዕለት ከም ምኽንያት ገይራ፡ ናብ ዝኸሳ ዓዲ ትገይሽ ወይ ግፍሕ ዝበለ ድግስ ተዳሉ። ቶርታ ቈሪሳ ኒቶም ድሒራ ዝወለደቶም ሰለስተ ደቃን ኢጋይሻን ምስ ዓደለት፡ “እዚኣ ኸኣ ንካሚያህ ጓለይ እያ” ብምባል ሓንቲ ቍራስ ቶርታ ፈልያ ኣብ ፍርጅ ተቐምጥ። ዚ ጠባይ'ዚ ከም ልምዲ ስለዝተላዘዮ ንዊሒ ዓመታት ብዘይ ምስልካይ ቀጺሉዩ።

መርመርቲ ቤ/ጽ ሸሪፍ ጃክሰንቪል ምክትታሎም ኣየቋረጹን። ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመትን መንፈቕን ምስቲ ጉዳይ ክተሓሓዙ ተኽእሎታት ዘለዎም ልዕሊ ክልተ ሽሕ ጥቈማታት ተቐቢሎም መርመሩ። ክሳዕ ናብቲ ዝረሓቐ ከባቢታት ኖቫ ስኮሽያ ተጓዒዞም መጽናዕትታት ኣካየዱ። ኣብ ልዕሊ ናይ ቀረባ ቤተ-ዘመድ ሞብሊን እቲ ዘጥኣሰ መንእሰይን ከኣ፡ ፍሉይ ናይ ምክትታል መርበብ ዘርግሑ። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ህጻን ካሚያህ ክሳዕ ጥሪ 2017 ደሃይ ኣይነበራን። ኣብዘን ቀዳሞት መዓልታት ናይታ ሓዳስ ዓመት ግና፡ ሓደ ኣንፈት ተረኽበ። መርመርቲ ፖሊስ ኒቲ “ካብ ሃገራዊ ማእከል ዝጠፍኡን ዝተመዝመዙን ህጻናት” ዝረኸብዎ ኣንፈት ተኸቲሎም ብዝፀደዎ መጽናዕቲ፡ ካሚያህ ሞብሊ፡ ኣብ ደቡብ ካሮላይና ኣሌክሰስ ኬሊ ማኒን ብዝበል ስም እናተጸውዐት ከም ዝዓበየት ኣረጋገጹ።

እታ ቈልዓ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ዛዚማ ስራሕ ንምቕጻር ምስ ተንቀሳቐሰት፡ ቀጽሪ ካርድ ማሕበራዊ ውሕስነትን ሓቀኛ ምስክር ልደትን ከምዝይብላ ፈለጠት። ንዝ ተመሊሳ ኒታ ከም ወላዲታ እትፈልጣ ግሎርያ ዊልያምስ በቲ ኣዝዩ ዘገርም ጉዳይ ተወከሰታ። ግሎርያ፡ ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ብምቕራብ ካብቲ ኣዋጣሪ ሕቶታት ካሚያህ ከተምልጥ ጸዓረት። ካብ ኣፉ ዝወጽእ ዝነበረ ድምጻን እተርእዮ ዝነበረት ምልክታትን ግና፡ ሓደ ነገር ሓቢኣ ምንባራ ግሉጽ ነበረ። ሽዑኡ መዓልቲ፡ ኣመና ተረቢሻን ተሰኪፋን ወዓለት። ጭንቀታ እናበኣሰ ብምኻዱ፡ ምጽዋሩ ስለ ዝሰኣነት፡ ኒቲ ንኣሰታት 20 ዓመታት ዝዓቘረቶ ሚስጢር እንተውሓደ ንካሚያህ ሓብራ ሩፍ ክትብል ደለየት። ናብቲ ዝነበረቶ ክፍሊ ጸዊዓ ድማ ከምዚ በለታ፦

-ዝፈትወኪ ጓለይ ኣሌክሰስ፡ ኣብ ኣተሓሕዛኽን ኣተዓባብያኽን ዘጉድልኩዎ ነገር ኣሎ ደዩ?”

-ፍጹም የለን ማማ።

-ብሊ ጸን ኢልኪ ስምዕኒ። ቅድሚ 18 ዓመታት ኣመና ዝሃረፍክዎ ጥንሲ ሐዘ ነርኩ። ምስቲ ሕጂ ከም ኣቦኺ እትፈልጥዮ ኬሊ ማኒን ብዙሕ ጉዳጸን ሓርገጽገጽን ስለዝነበረና፡ ቈልዓ ምስ ወለድኩ ኩነታትና ክመዓራረ እዩ ዝበል ትጽቢት ኣሕዲረ። ኩነታተይ ግና ብኣንጻሩ ኮነ። ጥንሲ ሃንደበት ብርዒኑ ስለዝኸደኒ፡ ክጻወሮ ኣብ ዘይክእል ጭንቀት ተሸመምኩ። ዳርጋ ዝልዕሎን ዝንብሮን ዘይፈልጥ ዕብዶት ተቐይረ። ኣብ ከምዚ እንከለኹ፡ ናብ ሓደ ናይ መወለዲን ሆስፒታል ከይደ ቈልዓ ሰሪቐ ጭንቀተይ ከተሃዳድእ ወሰንኩ። ካብ ደቡብ ካሮላይና ናብቲ ንስኺ ዝተወለድክሉ ኣብ ፍሎሪዳ ዝርከብ ሆስፒታል መወለዲን ከይደ - ንዓኺ ቦጊ ኣቢለኪ ተመለስኩ። እናሓቘፍኩ እናሰዓምኩ ድማ ብጸጋኽን ኣዕበኹኺ። ዋላ'ውን ኑቶም ክልተ ደቀይ ምስ ወለድኩ፡ ኣቦኺ ዝነበረኒ ፍቕሪ ኣይዘሓለን። ብዙሕ ግዜ ኒቲ ሓቂ ክገልጸልክን ናብ ፍሎሪዳ ወሲደ ሓቀኛ ወለድኺ ክፍቶደየልክን ሓሰበ እየ። ይኹን'ምበር፡ ቀልብኺ ከይሰብር፡ ሕማቕ ከይሰማዓኪ፡ እኩይ ከይትሓስቢ ሰጊኣ ንብይነይ እናተሓመስኩ ክቕጽል ጸኒሐ። ሕጂ ምስ ዓበኺ ግና፡ እቲ ጉዳይ ባዕሉ ስለ ዝተበራበረ ሎሚ ዝ ሓቂ'ዚ እነግረኪ ኣለኹ።” ብምባል እናነበዐት ኣዘንተወትላ።

ካሚያህ፡ እቲ ዝሰምዓቶ ዛንታ፡ ናታ ናይ ገዚኡ-ርእሳ ታሪኽ ምዃኑ ምእማን ሰኣነት። ካብ ግሎርያ ዊልያስ ኮነ ሰብኣያ ኬሊ ማኒን፡ ዝኾነ በደል ኢጋጠሙዋ ኣይፈልጥን። ንሱዮም፡ እቶም ብዘይ መጠን ዘፍቅሩዋ ሕያዎት ወለዳ እናመሰላ እያ ዓብያ። ሕጂ ኣደኺ ካልእ እያ ክትብሃል ኣይተዋሕጠላን። “ኖ ኖ ኣይትንበዒ ማማ! ሸገርኪ ተረዲኤኒ ኣሎ፡ ካብታ ኣደኺ ትብልኒ ዘለኺ ሰብ'ውን እኳ ልዕሊ'ቲ ንስኺ ዝሃብክኒ ፍቕርን ሓልዮትን ኣይረክብን እየ። ኣደ እትገብሮ ገይርክለይ ኢኺ፣ ብዙሕ ኣይትጨነቒ” በለታ። ከምኡ ክትብል እንከላ ኒታ ኣብ ወጣሪ ሃዋህው ዝነበረት ጓል 52 ዓመት ግሎርያ ዊልያምስ ንምትህድኣ ዘይኮነ ናይ ልባ ነበረ። ናብ ዝቐረበ መደበር ፖሊስ ከይዳ ኩነታታ ከተፍልጦን ኒቲ ኣብ ምገዛር ዝነበረ ሓዊ ከተንበድብድን እውን ኣይመረጸትን። ነገራት ከምቲ ዘለውዎ ክኸዱላ ተተምነየት። ካብኡ ሓሊፉ፡ ንግሎርያ ዊልያምስ ናብ ሕጊ ዘቕርብ ኩነታት ከይፍጠር፡ ገዛኣን ጉዳያን ክስወራ ርእይቶኣ ኣቕረበት።

ካብቲ ዘፍረሃን ጉዳይ ግና ኣይደሓናን። ብውሽጡውሽጢ ኣብ ጸዑቕ ክትትልን መጽናዕትን ዝነበረ ፖሊስ ጃክሰንቪል፡ ድሕሪ ዓመትን ገለ ኣዋርሕን - 13 ጥሪ 2017 ግሎርያ ዊልያምስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም እትኣቱ ገበረ። ነዊሕ ከይጸንሐት ካብቲ ዝተታሕዘትሉ ደቡብ ካሮላይና ናብቲ “ብጭውያን ጦብሎቕሎቕ ምሟትትን” ዝተኸሰትሉ ፍሎሪዳ ተጠረዘት። ግሎርያ ኣብ ቀይዲ ኣብ ዝኣተወትሉ እዋን፡ ካምያህ ዘርኣየቶ መልሰ-ግብሪ ንብዙሓት ሰባት ከዮገረመ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

# ልቢ-ወለድ

# ቀስቲ ሳሮን

ጅሚ/ደጀን ተኽለ

ዓስራይ ክፋል

መሬት ዓይኒ ሕዝ ኣቢሉ ክጽልምት ጀሚሩ ነበረ። እዛ ሓዳስ ዕለት፡ ምሉእ መዓልቲ ብሸቐልቀል'ዩ ኣሕሊፋዋ። ደቀቕቲ ኣዒንቱ መሊሰን ቁርቍረን ክባበኣ ንምልላይ ተጸገመ። 'ትብጻሕ ኣላትኒ' ብምባል ንዓርኩ ተፋንዩ ኣብ'ታ ሳሮን ኣፍቃሪቱ ዘላታ ነጠቡ፡ ተሃን ሕርቃት ከውጽእ ኣመና ተረቢጹ ነቐለ። ኣፈርኩቡ ከም ዝተባህለ መንፈሱ ተረቢጹ፡ ሽሞል ኣብራኹ ልዕሊ መጠን እናመጠጠ ከም ጸሉል በይኑ እናህተፍተፈ ይጉዕዝ ነበረ - ሄኖስ። ኣብ ጉዕዞ እንከሎ፡ መልጉም ሞባይሉ ብምጥዋቕ ናብ ሳሮን ደወለ።

እንተኾነ ንተሰፍኡ ዘቕህምን ንዓቕሉ ዝፈታተንን 'እዚ ኤራቴል እዩ፡ ዝደወልኩምሉ ዓሚል ኣይተረኽበን' ዝብል ድምጺ ኣብ እዝኑ ኣቃልሐ። ሞባይሉ ንእሉት ካብ እዝኑ እለይ ብምባል፡ 'ዓሕ' በለ ብሕርቃን ንድድ ኢሉ። 'ጓል ደኣ፡ ኣብ ልዕለይ ሸይ ሸይ እንዲኺ ኢልኪ ብጽጋብ፡ ኣነ ካልእ ንሰኺ ካልእ ኩይኑ ሓሳብና።

'ኣፋ ምሳይ ልባ ምስ ደበሳይ ደዩ ዝበለ ደራፋይ' ከምዚ ናትኪ ልባን ኣፋን ነገበይቱ ምስ ረኸበ ይኸውን። ኣብ ጸቡቕ ማእሲ ምስ ደቀስክስ ልብኺ ዘድረረኪ ፍቕረይ ረሲዕክዮ። መን ምኽንያ ከየፍለጥኩኺ ሰላመይ ዝረኩብ ኣይኩንኩን። 'ዓለም ትሽዓተ ዘይትመልእ ዓሰርተ' ደዩም ዝበሉ? ዓለመይ በሪሃ እናበልኩስ ከተጸልምትያ። ዝበርክዎ ከይኣኽለንስ ሕጂ ኸኣ ውድቀት ክመሓዘወኒ። ኣብ ልበይ ዘይነበረ ጥልመት ካቦኺ ከም መንደረጋሕ ከወድቀኒ ዝጸበዩ ኣይኩንኩን። ካብ ወዓልክዮ ግን ኣነ'ውን ዘውዕሎ ጉዳይ ኣለኒ' ብምባል ከም ፍሉሕ ማይ ሽረኽረኽ ዝበለ ስምዒቱ ምቁጽጻር ሰኢኑ ኣብ ጉድኑ ንዝነበረ መንደቕ ብሓይሊ በጺበዕቲ ኢዱ ደሰቐ - ተሃን ሕርቃት ንምውጻእ።

ኑቲ ዝተሰምየ ቃንዛ ተጻዊሩ ኣብ ልቡ ዘቃጽሎ ዝነበረ ሕርቃን ከም ማዕበል ካብ ካልኢት ናብ ካልኢት እናገንፈለ ንውሽጡ ረበሾ። ስምዒቱ ምቁጽጻር ሰኢኑ ኑቲ ዝነበረ ጸላም ፊት ንፊት ከጥጥም ዝደለየ ክመስል ድማ ብዓውታ ጨደረ። 'ዝኑበር እናመሰለኒ ካብ ምንባር ክንደይ ኪሜተራት ርሒቐ ከም ዘለኹ ሎሚ'ዩ በሪሁለይ። ዓለም ንዓይ ዝኸውን ቦታ ፈጺሙ ከም ዘይብላ'ውን በሪሁለይ ኣሎ። 'ገለን ብማይ ገለን ሰኣን ማይ' ደዩም ዝበሉ ክምስሉ ኣቦታትና። እዛ ዓለም ክትጭኽን ፍትሒ ዝበሃል የብላን። ዕድመና ምሉእ ብቓንዛ እናተለለና ክሕልፍ ትፈርደና።

ቀሩብ ዓይኒ የብላን ደዩ? ምስ ሕማቕ ዕድል ተመሓዚኻዶ ትውለድ ኢኻ? ሓንቲ መዓልቲ ራህዋ ከየስተማቐርና መሬት ክትዓርበና' ብምባል ኣማረረ ብትካዙ። 'ሱብ ክንሰና ናይ ሱብ ክብሪ ክሕሰመና' ብምባል ጉዕዞኡ ኣቋሪጹ ናብ ማርሻፔዲ ረፋዕ ኢሉ ወደቐ። ኣብ ውሽጡ ዝነበረ ሕርቃን ፈጺሙ ክቖጻጸሮ ኣይከኣለን። ዘለዎ ሓይሊ ኣኻኺቡ ክትሰእ'ኳ እንተፈተነ ግን ኣይከኣለን - ሄኖስ።

* * *

እቲ ንዝጽሃጽ ዝብል ኣብ ፋርኔሎ ዝነበረ ሓዊ፡ ይኣኽለኒ ዝብል ዘሎ ክመስል፡ ብርሃኑ ኣጥፊኡ ክቕህም ጀሚሩ ነበረ።

ሰዶን፡ "መሓዛይ፡ ልቢ ሳሮን ከም ጥውይዋይ መንገዲ ዝርኩብ ኣይኮነን። ክሱብ ሎሚ ኸኣ፡ ትብለጽልናን ትጻወተልናን ኣላ" በለት ኑቲ ዝተታኸሰ ሓዊ ከተሸርፍ ኢዳ እናቀሳቐሰት።

ራሄል፡ "ክልተ ዓለም' ደዩም ዝበሉ ጸሓፍቲ። ክልተ ልቢ ሒዛ እንድያ ዝዓም ዓያሹ ኣውዳት ልቦም ጠልጠል ኣቢላ፡ ንዓና ዝተጸብለሐ ንሳ ትብልያ ዘላ። ናይዚኣ ዕድል'ኮ ገለ'ዩ። መርገም ናይዞም ኩሎም ኣብ ህገም ዘእተውቶም ከኣ'ምበር፡ ፈጺሙ ዘይበጽሓ። ምኽንያቱ ንመንደፍ መንደፍ ኣይቀትሎን'ዩ እምበር፡ ካብዞም ኩሎም ደኣ፡ ሓደዶ ብጕረሮኣ ሕንቕ ኣቢሉ ገጻ ዘቦላሸዋ ምተሳእኑ። 'ንሰፍላላ ይኹኑላ' ደዩም ዝበሉ ክምስሉ ኣቦታትና። ንሕና ኣብዚ ምስ ፋርኔሎ ትኽስ እናበልና ንሳ ኸኣ፡ ንርቡሓት ትኽስ ትብል ኣላ" ብምባል ብሕርቃን ንድድ ኢላ ኣብ ኢዳ ዝነበረ መሸረፊት ሰው ኣቢላ ደርበየቶ።

ኣሰናና ብምሕርቃም፡ "መሓዛይ፡ ዝበሰለ ቅጭኣ ዝሓረሉ ውጥን ክንፈጥር ኣለና። እዚ ኸኣ፡ እሚ ኩሓዲ ብመንገዲ ኢሎን ጥራይ ኢና ንዕወተሉ። ምስ ግዝኡርእሳ እምነት ስለ ዘይብላ'ያ ካብቲ መውዓሊና ሰውር ኢላ ዘላ። 'ኢድ ጸናሒት ሸናሒት' ደዩም ዝበሉ ክምስሉ ኣቦታትና። ዋጋ ጠላም ልባ ትሰእን ደዩ መሲሉኪ፡ ግዜ ይነውሕ'ምበር" በለት ገጻ እሰር ኣቢላ።

"ንሱ ደኣ ኣበይ ከይተርፉ ኢሉ። ሄኖስ ዝለመዶ ቅጫ ምስ ሰኣኖ ጥራይ'ኳ ካብ ኢዱ ትሓልፍ ኣይኮነትን። ዝሕልሕል ዝብል እንተ መሲሉ ኸኣ፡ ከምዛ ዝበልክያ ንኢሎን ሓብልና፡ ነዛ ጀሚራታ ዘላ ፍቕሪ ቀጽይ ኑበላ" በለት ገጻ እሰር ኣቢላ።

"መሓዛይ፡ ከይደልደለት እንተ ዘየሰናኸልናያ ጸባሕ ንግሆ ተሰፍረና ኣይኮነትን። 'ጽንቡላሊዕ መዓኩራ ዘይከደኑት ምድሪ ከዳኑት' ደዩ ዝበሃል። ሳሮን ከኣ፡ ንኑቦሳ ዘይኮነት ንዓና ከተቐንእ ዝዓም ዓፋፋት ከም ለማኖ ካብ ኢዳ ዝጸበዩ ኣኪባ ኣይትጽርኒ ክትብላ'ያ ንዌስት ኢንድ። ስለዚ፡ 'ማይ ከይመጸ መንገዲ ማይ ጽረግ' ይብሉ ኣቦታትና ክምስሉ።

ከይቀደመትና እንተ ዘይቀዲምናያ፡ መሰሓቕ ሸረፋት ክንከውን ኢና" በለት።

* * *

ክልቲኦም ፍቑራት ናብ መዘናግዒ ማእከል ድርፎ ብምዝዋር፡ ኣብ ፓርኪንግ ኩይኖም በራ እናሰተዩ ኣብ ዓሚቕ ዕላል ፍቕሪ ጥሒሎም የዕልሉ ነበሩ። መሬት ክጽልምት ዓይኒ ሐዙ ብምንባሩ፡ ሰማይ ብፍቕሮም ዝተሓጎሰ ክመስል ኑቲ ጸላም ብምቅንጣጥ ብወርሕን ከዋኽብትን ኣሰይዩዎም ነበረ። እቲ ኣብ ቤትሮ ናይ'ታ ማኪና ዝወድቕ ዝነበረ ዛሕሊ'ውን ነጡብጣብ ናይ ማይ ብምፍጣር ንፍቕሮም ድምቀት ወሲኹሉ ነበረ።

ማቱሳላ፡ ነታ ምሉእ ብምሉእ ኣካላን ቀላሕታኣን ናብኡ ገይራ ዝነበረት ሳሮን ኣጻብዕቲ ኢዳ እናዳህሰሰ፡ "ረኣየም እስከ እዞም ከዋኽብቲ ንግርማኺ ንምድናቕ'ዮም መሬት ክሰዕሙ ቀሩብ ተሪፋዎም ዘለዉ። ቁንጅናኽስ ንዓይ ጥራይ ኣይኮነን ኣዕቢዱኒ ዘሎ ፍቕረይ መዓረይ" ክብልን ሳሮን ብሰሓቕ ክትንኽነኽን ሓደ ኮኑ። ማቱሳላ'ውን ኣሰየ።

ሳሮን፡ ብሰሓቕ ዝኣክል ንብዓት ዝሰዓሮ ኣዒንታ ብሶፍቲ እናሓበሰት፡ "ንሰኻ ዘይትብሎ የብልካን እንድዩ። ምስ ዘይጽመድ እኳ'የ ጸሚደ ዘለኹ" በለት ኩርዓት ተሰሚዒዋ። ነታ ኣብ ርእሲ ዝነበራ ግርማ፡ ግርማ ዝወሰኸትላ ኣብ ኣጻብዕቲ ኢዳ ተሰኪዓ ዝነበረት ካትም ደጋጊማ እናተዓዘበት፡ "ብፍቕሪ ልበይ ዘዕበድካኒ ገብዘ ኢኻ። ዓለም ብጽባቐይን ቁንጅናይን ዝዑበዩ'ምበር፡ ንዓይ ልበይ ዝምንጥል ዝፈጠረት ኩይኑ ይሰምዓኒ ኣይነበረን ንሰኻ'ሞ ይዓጡካ ደዩ ተረኺብካ" ብምባል ክምስ በለት ገጻ ኣብሪሃ።

ከም ወጋሕታ ብርሃን ኣብ ገጹ ዝዓለበ ድሙቕ ፍሽኽታ ሳሮን ብሓጎስ ኣሰራሰሮ። ንሱ'ውን ክምስ ድሕሪ ምባል፡ "ንዓኺ ዝዘበ ጸባቐ'ኮ መውዳድርቲ የብሉን። ጸባ ዝመስል ኣሰናንኪ ካብዚ ዝወርድ ዘሎ ግመ እንታይ ይፈልዩ። ከምዚ ከማኺ ብፍሽኽታ ልብኻ ትመልእ ኣይትርኩበን'ያ። ዕድለኛ'የ! ዝጸልመተት ዓለመይ ብፍቕሪ ኣማዕቕ ኣቢልኪ ኣብርህ ኣቢልክያ። ካብ ዘይነጽፍ ዛራ ፍቕርኺ እናገለልኩ ብፍቕሪ ከም ዝሕንቅቕ ኣይጠራጠርን'የ" ብምባል ጸጉሪ ርእሳ ዳህሰሰ።

ክምስ ድሕሪ ምባል፡ "ልብኻ ጥራይ ዘይኩኑ ልበይ'ውን ኣብ ታኼላ ፍቕርኻ ኣጥሒል ኣቢልካ። ከምዚ ግመ ከበቢኻ ዘየርእየካ ንዓይ'ውን ብዘይኣኻ ናብ ካልእ ከም ዘይርኢ ኢኻ ገይርካኒ። ምሳኻ ኣብ ዝህልወሉ ሓጉሰይ ጥርዚ'ዩ ዝበጽሕ። ምቁረይ፡ ካብኻ ንላዕሊ ንዓይ ኢኻ ዛ ፍቕሪ ዝሓረማ ህይወተይ ክሕስ ኣቢልካያ። ጸግዒ ኴንካያ። ኣማሚቒካያ። በቃ! ኩሉ ነገረይ ኢኻ" ብምባል ኣብ እንግድዓኡ ወደቐት።

ላዛ ቃላታ ልዕሊ ጸባቒኣ ኣብ ባሕሪ ኩቡዱ ማዕበል ፈጠረ። ፍቕረይ፡ ሽታ መኣዛኺ ንልበይ ፈውሲ'ዩ። ባህጋይን ሕልመይን ስለ ዝረኸብክዮ መሊኣ'ዩ። ድሕሪ ደጊም ክልተ ጸሎት የለን። ህላወይ ኣብ ህላውኺ'ዩ። ስለዚ፡ ዝኣዘዝክኒ ክኾነልኪ ድሉው'የ። ምንባረይ፡ ንዓኺ ካብ ዝተላለኽላ ዕለት'ያ ጀሚሩ" በለ ብሓጎስ ምልእ ኢሉ።

* * *

ሄኖስ፡ ካብ'ታ ዘለዋ ብሓገዝ ሓለፍቲ መንገዲ ተንሲኡ ከዳ ነገሬ። ኑቶም ከበቦም ደሃዩ ዝሓቱን 'ሽኮር፡ ደም' ከይህልዎ እናበሉ ሓሓሳቦም ዝገልጹ ዝነበሩን ሰባት፡ 'ደሓን'የ፡ የቐንየለይ፡ ተዓንቂፈ'የ ወዲቐ' ብምባል ተፋነዮም። ሓያል ማዕበል ከም ዝኣተዎ ባሕሪ ውሽጡ ፈጺሙ ምቕሳን ሰኣነ። ትንፋሱ ቁርጽ ቁርጽ በሎ ሓይሉ ደኸመ። ጉልበት ጉብዝንኡ ኣብ ሎሚ በጺሑ ክጠልሞ ተፈለጦ። 'ዝሓሰብኩዎ ከይፈጸምኩ ኣይድቅስን'የ። ዋላ ብሰለይ ኣብቲ ቦታ በጺሐ መዓንጣ ኩቡዳ ክቕርጻ ኣሎኒ። ንብረት ማቱሳላ እንተ ኣዕንዩ፡ ከምዛ ኣነ ድቃስ ዘይብለይ ሓዲረን ውዒለን ዘለኹ፡ ንሳ'ውን ቅሳነት ከም ዘይትረኽብ ከም ዝጥንጥናን ክገብር'የ። ሰላመይ ዘሪግኪ ሞባይልኪ ስለዝዓጸኺ ጥራይ ሰላም ትረኽቢ ኢኺ መሲሉኪ። ሳሮን ትኑበዕሉ ግዜ ኣኺሉ'ዩ። ዋጋ እኪይ ተግባርኪ ክፈድየኪ'የ' ብምባል ሓንሓኑ ጉታን ጸጉሪ ርእሱ እናመንጨጨ።

ሕርቃት ንምንፋስ ኣዕሚቑ ድሕሪ ምስትንፋሱ፡ 'ዝሓለፈ ኩሉ ተረሳዓይ ምኽኑ ሕጂ ተረዲኡኒ። ንድሕሪት ተመሊሰ ክዝክሮ እንክለኹ፡ ንዓይ ክትውንዚ ትብልዮ ዝበርኪ ላዕልን ታሕትን ምስ ወሃንክኒ'ውን ካብ ጉድንኺ ንኸይፍለ እዚ ክልተ ዓመት ብምሉእ ልብኺ ተቓለስኪ ኢኺ። ግዜ ከም ዝቕየርን ዝተባህለ ከም ዝርሳዕን'ሞ ኣበይ ኢለዮ። ሕጂ ግን ንቓላትኪ ከዘኻኽረኪ ከም ዘለኒ ፈለጠ ኣለኹ። ከምዚ ኢሎን ዓርከይ "ትዕግስቲዶ ዓቕሊዶ ግበር ክሱብ ረብሓኻ ትጭብጥ" ዝበሎ? ምሳይ ዝሰርሕ ኣይኮነን። ሓቑን ልክዑን ከፍልጠኪ ኣሎኒ። ንዓይ ኣብ ሓደሽ ዓመት ምድሪ ምስ ጸላም ፊት ንፊት ኪጋጠም ፈሪደኪ ንሰኺ ከተጋይጺ ተብራህኪ። ከምዚ ገይርኪ ክትጠልምኒ ኢኺ ዝብል ሓሳብ ፈጺሙ ኣይነበረንን።

እዚ መንገዲ ካብ መረጽክዮ ግን ሰረይ ከርእየኪ'የ። ንዝበይለኒ ኣይኮነን ኣፍጠጦም ንዝጠመቱኒ ከማን ዝምሕር ኣይኮንኩን። ሳላ ቅልጽመይ ፈተውቲ'ምበር፡ ጸላእቲ የብለይን። ህይወት ከምዚ ገይራ ትግልበጠኒ ዘይበልኩ። ኣነ ደኣ፡ ረቢሐኪ ከተርብሕኒ'ምበር፡ ክትላገጽለይ ኢኺ ዘይበልኩ። ምኽንያቱ ከኣ ኢደይ'ዩ። ኣቦሳ ዘይብሉ ሱብ ክብደል ምሕሳበይ ጌጋ'ዩ' በለ ሕልንኡ ናይ ጣዕሳ ስምዒት ተሰሚዕዎ። ኑቲ ናይ ጣዕሳ ስምዒት ክቕበሎ ስለዘይመረጸ ግን፡ 'ምኽንያት እንታይ ዘይገበርኩ፡ ዓለም ብዓለማ ረብሓ ንምርካብ ዘይትፍሕሮ ጉድጓድ የለን። እዛ ብዘይ ንሕሰያ ተዋሪደ ክኑበር ዝፈረደትኒ ዓለም፡ ብሕልናይ ተማእዚዘ ክኑበራ ዝኽእል ኣይኩንኩን። ስለዚ፡ ኣቦሳ የብለይን' ብምባል ኣብ መንፈሱ ዝርብሖ ዝነበረ ሕማቕ ተግባራት ንኽፍጽም ጉልባቡን ክፍኣቱን ብምሽፋኑ ንመንፈሱ ከረጋግኦ ፈተነ።

'ንፈታዊ ጸላኢኻ ምቡዳል፡ ንጸላኢኻ ምሉእ ብምሉእ ምቡዳል'ዩ። ሕነ ሳሮን ድማ ንማቱሳላ ብምቡዳል'የ ጸባ ዝሱቲ' ኢሉ ምስ መንፈሱ ኣብ ሓያል ቅልስ እንከሎ፡ ከይተፈለጦ ኣብ ኣፈፊት እቲ ቡቲክ በጽሐ። ኑቶም የማነ ጸጋመ ሕልፍ ሕልፍ ዝብሉ ዝነበሩ ሰባት ዓይኑ ሰሪቖ ምጥማት ኣየቋረጸን። ኣብቲ ከባቢ ዘወርወር ድሕሪ ምባል፡ ዝረኸቦ ስብርባር ናይ ማርሻፔዲ ብምልዓል ኣብ ጁባቲ ተኸዲኑዎ ዝነበረ ጃኬት ኣእተወ። ሓሳቡ ንምፍጻም ድማ ኣብ ድሎ ከም ዘሎ ወተሃደር፡ ኣየር ንውሽጡ ብምስሓብ ትንፋሱ ዓቢሱ፡ የማነይቲ ኢዱ ናብ ጁባኡ ሰዲዱ ኑቲ ስብርባር ኣብ ኢዱ ጨቢጡ ናብቲ ዓቢ ቤትሮ ናይቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ቡቲክ ሰንደዎ።

እቲ ስባር ማርሻፔዲ ዝዓለቦ ቤትሮ ክሰበርን ሰራሕተኛታት ናይቲ ቡቲክ ብኣውያት ክውጭጨን ብቲ ሓደ ወገን ሄኖስ ብናህሪ ካብቲ ዝነበሮ ክዕዘርን ሓደ ኮኑ።

ይቕጽል



# ተርመሙማ

ሃብቶም ኢዮብ

## ሽንትና

ሕብሪ ሽንትና ብምርኣይ ናይ ጉዳእ ርእስና ሓከም ክኽውን ከም ዝኽእል ትፈልጥዶ?

ብርግጽ ሽንትና ተራ ማይ ወይ ትርጉም ዘይህብ ነገር ጌርና ክንወስዶ ንኽእል ኢና። እንተኾነ ኣተኩርና እንተ ተመልኪትናዮ ግን ናይ ውሽጥና ላብራቶሪ ብምዃን ውሽጣዊ ጥዕናና ክሕብረና ይኽእል'ዩ።

ሓደ ጥዑይ ሰብ ካብ 4 ክሳዕ 10 ግዜ ኣብ መዓልቲ ሽንቲ ክሸይን ይኽእል። ብሓፈሻ ግን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት 6 ግዜ ክሸይን ንኽእል። ይኹን እምበር ልዕሊ'ዚ ምሻን ንቡር ኣይኮነን ማለት ኣይኮነን። መጠን እኽሽና ብዝተፈላለየ ነገር ክጽሎ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፥ ብዕድመ፥ ብኣንስትዮ ብዙሓ፥ እንስትዮ ዓይነት ፈሳሲ፥ ጥዕናዊ ኩነታት ከም ሽኮርን ረኽሲ ናይ ሽንቲ ትቦ እንወስዶም መድሃኒታት፥ ዓቕን ፍሕሶ፥ ጽልዋ ክፈጥረሉ ይኽእል'ዩ። እኽሽና ብዙሒ ከም ዝጠቕስናዮ ኩይኑ ሽንትና ዘለዎ ሕብሪ ብምፅዛብ ጥዕና ውሽጥና ክንርድኦን ናብ ሕክምና ዝወስደናን ዘይወስደናን ምልክታት ክንፅዝበን ንኽእል ኢና።

ሓቢዩም ንሕብሪ ሽንቲ "የርክሮም" ብምባል ይምልከቶ። በዚ መሰረት ብተፈጥሮ ሽንትና ብዮጫ ፒግመንት ዝሓዘ ምኻኑ ይሕብሩ። ኑብስና ብማይ ምስ ዝዘቕበበ ሽንትና ሃሳስ ብዮጫ ሕብሪ ይህልዎ። ድርቀት ምስ ዘጋጥመና ድማ ሽንትና ደሚቑ ኣምባላይ ወይ ፈኲስ ሓሙዳዊ ሕብሪ ይሕዝ። እንተሙጎ መግቢ እንወስዶ መድሃኒት ዝተፈላለየ ፒግመንት ስለ ዘለዎ ሽንትና ዝተፈላለየ ሕብሪ ክህበና ይኽእል።



ሕብሪ ሽንትና ምስቲ ንቡር ሕብሪ ሽንቲ ዘበሃል ብምንጽጻር ውሽጣዊ ጥዕናና ብምርዳእ ኣደኻሮ ክንሀበሉ ይግባእ። ፍቱዋት ቁልዑ፥ ሽንቲ ኣብ ትሸኑሉ ግዜ ሕብሪ ሽንትኹም ተዓዘብዎ። ካብቲ ከላ ግዜ ክትሸኑ ከለኹም ዝተፈለየ ሕብሪ ምስ ትዕዘቡ ብቕልጡፍ ንወለድኹም ወይ መምሃራንኩም ወይ'ውን ንዓበይቲ ኣሕዋትኩምን ኣሓትኩምን ሓብሩ።

## ስነ - ህይወታዊ ሰዓት

ኣዕዋፍ ዝሳግማሉ፥ ዕንባባታት ዝጉላዕልዓሉ፥ ባሕሪ ዝገሽሉ፥ ወሓይዝ ዝነጽፈሉን ዝመልኣሉን፥ ውሱን ግዜ ኣሎ። ክኢላታት ስነ-ፍልጠት ድማ ነዚ ግዜ ስነ-ህይወታዊ ሰዓት እናበሉ ይጽውዕዎ። ነዚ ዘጽንዕ ዓውዲ ድማ ክሮኖባዮሎጂ ኢሎም ይሰምዩዎ።

በዚ ተበጺሑ ዘሎ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትን ርኽበትን ስነ-ህይወታዊ ሰዓት ኣበይ ይርከብን በየን ይምእዘንን ዝፍለጥ ነገር የለን። ገለ ክኢላታት፥ ኩሉ ፍጡር ኣብ ገዛእ ነብሱ ዘወሃህዶ ግዜ ኣሎ ክብሉ ከለዉ፥ ገለ ክኢላታት ድማ እዚ ተፈጥሮኣዊ ረምታ፥ ብናይ መሬት ኤሌክትሮማግኑቲክ ወይ ስሕበታዊ ሓይሊ ዝምእዘን እዩ ይብሉ። ይኹን እምበር ኩሉ መግለጺ ደምዳሚ ሓበሬታ ዝህብ ብዘይ ምዃኑ፥ እቶም ክኢላታት ኣብ መጻኢ ካብ ኣብ መሬት ወጻኢ ዝርከቡ ኣታኽልትን እንስሳታትን ኣብ ዝካየድ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ ደምዳሚ ሓበሬታ ክርከብ ተስፋ ይገብሩ።

### ምስላታት

ሓቅን ወጋሕታን እናጸንሐ ይግለጽ

መዓር ኣልሒሶም ደርሆ ኣተርኢሶም

ምስጢር ካብ ቤት፥ ምኽሪ ካብ ጎረቤት

ሰለስተ ግዜ ለኪዕ ሓደ ግዜ ቅደድ

ሻራ ከም ባይቶኻ ታሪኽ ከም ዓድኻ

ሻራኻ ተሳዕረ፥ ባይቶኻ በኽረ ኣይበሉኻ

## ቊጽሪ



ዝበን ዝሰዓብ ናይ ቁጽሪ ግድላት ኣንቢብና ክንሰርሖን ንፈትን። መልሲ ቅድሚ ምርኣይና ክንሰርሖን ብድሕሪኡ ምስቲ ተዋሂቡ ዘሎ መልሲ ክዘጻጽሮ ከም ዘለና ንዝክር።

1) ኖህ ዓርከይ'ዩ። ሰለስተ ካራሜላ ዘለውኦን ኣርባዕተ ጥቓታት ነይረንኦ። ኣዝዩ ስለ ዝፈትወኒ ክልተ ሓብ ካራሜለ ሂቡኒ። ሕጂ ኖህ ክንደይ ካራሜላታት ኣለዎ?

2) ኣነ ነብሲ ወከፈን 21 ርሳስ ዝሓዘ ኣርባዕተ ጥቓታት ነይረናኒ። 6 ንኖህ ዓርከይ ሂበዮ። ኣብ ኢደይ ክንደይ ርሳስ ይተርፈኒ?

3) መምህር ንዓይን ንኖህ ዓርከይን ሓሓንቲ ናይ ቁጽሪ ሕቶ ሂቡ 'ሰርሑወን' ኢሉና። እተን ሕቶታት እዘን ዝስዕባ'የን።

ሀ) ኖህ ሰለስተ ቁጽርታት ማለት 2, 5, 1 ተዋሂቡዎ። በዚኦም ጌሩ ዝኾነ ዓይነት ቁጽራዊ ተግባር (ምድማር፥ ምጉዳል፥ ምርባሕ፥ ምምቃል) ተጠቒሙ ወጽኢቱ 12 ከም ዝመጽእ ክገብር ኣለዎ። ነዚ ሕቶ ከመይ ጌሩ ክሰርሓ ኣለዎ።

ለ) ናተይ ሕቶ'ውን ከም ናይ ኖህ ዓይነት'ያ። ዝተዋህባኒ ቁጽርታት 1, 4, 5 እየን። እቲ ኣብ መወዳእታ ክመጽኦ ዘለዎ ወጽኢት 24 እዩ። ብኸመይ ከም'ኡ ክመጽእ ይኽእል?

#### መልሲ

1) እተን ጥቓታት ብዝሓን ኣርባዕተ'ዩ። ሓንቲ ጥቓ ሰለስተ ካራሜላ ነይረንኦ። ስለዚ ጠቕላላ ብዝሒ ናይተን ካራሜላታት ንምርካብ ንደምር፥

3 + 3 + 3 + 3 = ? ወይ ድማ 4 x 3 = ?

እቲ መልሲ 12 እዩ። ብዝሒ ናይተን ካራሜላታት 12 ነይሩ። ኖህ ንዓይ ክልተ ምስ ሃበ ዝተረፍኦ ብዝሒ ካራሜላታት ንምርካብ ክልተ ክንድል፥

12 – 2 = 10

ኖህ ሕጂ 10 ካራሜላታት ኣለዎ።

2) ኣርባዕተ ጥቓ ነይረናኒ። ነብሲ ወከፍን 21 ርሳስ ትሕዝ። ጠቕላላ ብዝሒ ናይተን ርሳሳት ንምርካብ ብዝሒ እተን ጥቓታት ምስ ብዝሒ ርሳሳት ናይ ሓንቲ ጥቓ ክንረብሕ ኣለና።

ብዝሒ ጥቓታት = 4

ብዝሒ ርሳሳት ኣብ ሓንቲ ጥቓ = 21

ስለዚ ጠቕላላ ብዝሒ ርሳሳት = 4 x 21 = 84

ጠቕላላ ብዝሒ ዝነበረ ርሳሳት 84 እዩ።

ካብዚኣን እየ 6 ሓብ ንኖህ ሂበዮ። ክንደይ ከም ዝተረፉኒ ንምፍላጥ ድማ፥ 6 ካብ 84 ኣጉዲልና ንረክብ።

84 – 6 = 78

ኣብ ኢደይ ዝተረፉ ብዝሒ ርሳሳት 78 እዩ።

3) ሀ) ናይ ኖህ ቁጽርታት 2, 5, 1 እየን። እቲ ወጽኢት 12 ክኸውን ይግባእ።

ኣሰራርሓ፥

2 (5+1) = ?

2 (6) = 12

ለ) ናተይ ቁጽርታት 1, 4, 5 እየን። ወጽኢተይ 24 እንተ ዘይኮይኑ ተጋጊየ ከም ዘለኹ የመልክት።

4 (1+5) =

4 (6) = 24

#### መዘኻኸሪ

ዝሓለፈ ቀዳም፥ ኣብ ዓምዲ ተርመሙማ "ውዕል" ዝርእስታ ጽውጽዋይ ቀሪባ ነይራ። እታ ዛንታ፥ ብደሰለ መሓሪ ካብ ዝተዳለወት መጽሓፍ ዝተወሰደት ምዃና እናሓበርና፥ ምኽንያቱ ብዘይምጥቃሳና ይቕሬታ ንሓትት።

ኣዳላዊ ዓምዲ

## ሓበሬታ

### ኣገልግሎታት ጨንፈር ማርኬቲን

ኣብ ማእከል ከተማ፥ ጎድኒ ሃገራዊ ባንክ ኤርትራ፥ ፊት ፖስት ኦፊስ፥ ጥቓ ፋርማሲ ቁጽሪ 1 ዝርከብ ጨንፈር ማርኬቲን ሚኒስትሪ ዜና፥ ብማዕከናት ዜና (ጋዜጣ፥ ሬድዮን ቴለቪዥንን) ክቃላሕ ዝድለ፦

1) ሕጋዊ ምልክታታትን ሓበሬታን
2) መወዓውዒ ንግዳዊ ትካላት
3) መላላዪ ፍርያትን ኣገልግሎታትን
4) ሓበሬታ ስነጥበባዊ ፍርያትን ምርኢታትን
5) ናይ የሃናን ምስጋናን መልእኽቲታት

እናተቐበለ ብርትዓዊ ዋጋ ብማዕከናት ዜና ዘቃልሕ ትካል እዩ። በዚ መሰረት፦

- ፍርያትኩምን ኣገልግሎታትኩምን ምስ ህዝቢ ከተላልዩ እትደልዩ ትካላት (ፋብሪካታት፥ መስንዓት፥ ሆቴላት፥ ኣብያተ መግቢን መስተን፥ መሸጣ ኣልባሳት፥ ኤለክትሮኒክስን ካልእ ፍርያትን ኣቑሑን)፣
- ንምርኢት ወይ መሸጣ ዝቐርብ ስነጥበባዊ ፍርያት ዘለኩም ደረስቲን ኣፍረይቲን ፊልምታት፥ ትያትራት መጻሕፍቲ፥ ድራማታት ወዘተ.
- ዝተፈላለየ ናይ ስልጠናን ትምህርቲን ኣገልግሎታት እትህቡ ትካላት
- ኣብ ዕለተ ልደት፥ ሕጹ፥ መርዓ፥ መመረቕታ፥ ዝኽሪታት እዮቤልዩን ካልእን ናይ የሃና መልእኽቲታት ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ሓዘን ናይ ምስጋና ጽንዓትን መልእኽቲታት ከተመሓላልፉ እትደልዩ፦

ብቁጽሪ ቴለፎን፦ 127494 / 125013 ደዊልኩም ክትወከሱ ትኽእሉ።

ጨንፈር ማርኬቲን ሚኒስትሪ ዜና ብተወሳኺ፥ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈቱን ኣብዞም ዝስዕቡ ቦታታትን ካብ ወነንቲ ቴለቪዥን ናይ ኣገልግሎት ግብሪ ይቕበል፦

- ዞባ ማእከል = ኣብ 13 ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታት ኣስመራ
- ዞባ ደቡብ = ኣብ መንደፈራ፥ ደቀምሓረ፥ ድባርዋ፥
- ዞባ ዓንሰባ = ኣብ ከረን፥ ሓጋዝ፥ ዓዲተከለዛን፥
- ዞባ ጋሽ ባርካ = ኣብ ባረንቱ ተሰነይ ኣቑርደት፥
- ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ = ኣብ ባጽዕ

ጨንፈር ማርኬቲን ሚኒስትሪ ዜና

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ውድድር ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥን ሎሚ ክዛዘም'ዩ

ውድድር ሻምፕዮና ዓመተ ስፖርት 2018/19 ካልኣይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብዝካየዱ ጸወታታት ክዛዘም እዩ።

ፈለማ ኣብ ሰዓት 2፡00 ጀሚረን ግጥማተን ዘካይዳ ገጀረትን ኣጥሻውልን እየን። እዚ ግጥም'ዚ ኪኸው ናይ ደረጃ፡ ሓንቲኣን ናብ ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን መን ሓሊፋት እተፍልጠሉ ብምዃኑ ብኢጋኡ ልዑል ቀልቢ ክረኣየሉ ይግመት። ቀጺለን ሰዓት 4፡00 ሕቶ ሻምፕዮን ዝምልሳ ጋንታታት ዕዳጋሓሙሽን ደንደንን እየን ናብ ሜዳ ክወርዳ።

## ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰኪዔት ናብ ኬንያ ነቒላ

ብዘይካ ብቻይናዊ ክኢላ ኩዕሶ ሰኪዔት ዝተወሃባ ናይ ሓጺር ግዜ ስልጠና፡ ንኣስታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ብጥርኑፍ ልምምዳታ ከተካይድ ዝጸንሐት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ ሰኪዔት ኤርትራ፡ ንውድድር መጻረዪ ኣፍሮባስኬት 2020/21 ናብ ኬንያ ጸባሕ ከምእትኸይድ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ካብ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፈደረሽን ዝረኸብናዮ ሓበሬታ፡ እዛ ጋንታ፡ 12 ተጻወትቲ፡ ሓደ ኣሰልጣኒ (ተስፋኣለም ዘካርያስ)፡ መራሒ ጋንታ (ሄኖክ ኣሚን) ከምኡ ድማ ዳኛን ሓኪምን ሒዛ ናብ ናይሮቢ ክትነቅል እያ። ካብ 14 ክሳብ 19 ጥሪ ድማ ኣብ ዞን 5 ኣፍሪቃ ምስ ዝተወዘባ ሃገራውያን ጋንታታት ኬንያ፡ ታንዛንያ፡ ሶማልን ደቡብ ሱዳንን ብምግጣም፡ ነቲ ቀዳማይ ናይ መጻረዪ ውድድር ንምስጋር ክትቃለስ እያ።

ኣብዚ ዞና'ዚ ዝርከባ ምስርን ኡጋንዳን፡ ኣብ መሳልል ደረጃ ኩዕሶ ሰኪዔት ዓለም ብዝለወን ደረጃ ናይ መጻረዪ ጸወታታት ከየካየዳ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሰጊረን ኣለዋ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ብኣሰልጠንቲ ተስፋኣለምን ኣቤል ኣፈወርቂን ልምምዳታ ከተካይድ ዝወርሐት እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ድሕሪ ናይ 13 ዓመት ብኩራት እያ ንመጀመርታ ግዜኣ ኣብዚ ዞባዊ ውድድራት ትሳተፍ ዘላ። ብዝምጋም 23 ዓመት ንዘዕድሚኦም ተጻወትቲ ሓቑፉ ዘላ እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ዝበዝሑ ኣባላታ ካብ ክለባት ዞባ ማእከል ክኾኑ እንከለዉ ሓደ ተጻዋታያ ግና ኣብ ሊግ ዞባ ደቡብ ዝተመረጸ ምዃኑ ይሕበር።

ምስ መጋጥምታ ሃገራት ብምንጽጻር፡ ቁንጹባት ተጻወትቲ ከምዝሓቘፈት ዝንገረላ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ቅልጣፈን ሓባራዊ ቅዲ ጸወታን ሒዛ ክትለማመድ ምጽንሓ ኣሊይታ ይገልጹ። ብተወሳኺ፡ ተጻወትቲ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ምስ መጋጥምቶም ክይተቓለሱ ካብ ርሑቕ ናይ ምምዛጓብ ዓቕሞም ምስ ግዜ እናለዓለ ምስ ምምጽኡ ኪኾ ተሳታፊት፡ ተወዳዳሪት ኮይና ውድድራ ክትፍጽም ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ይዛረቡ።

ብኻልእ ወገን ኣብዚ ናይ ናይሮቢ ውድድር ብሉጽ ብቕዓት ዘርኣዩ ተጻወትቲ ናብ ኣካዳሚ ዓበይቲ ጋንታታት ናይ ምእታው ዕድል ከምዝፍጠረሎም እውን ብሰፊሑ ይነገር።





## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**

ክሪስታል ፓላስ - ኣርሰናል 3፡30
ቸልሲ- በርንለይ 6፡00
ኤቨርተን - ብራይተን 6፡00
ሌስተር ሲቲ - ሳውዝሃምፕተን 6፡00
ማን ዩናይትድ - ኖርዊች 6፡00
ዎልቭስ - ኒውካስል 6፡00
ቶተንሃም - ሊቨርፑል 8፡30

**ሰሪኣ**

ካሊያሪ - ሚላን 5፡00
ላዝዮ - ናፖሊ 8፡00
ኢንተር - ኣታላንታ 10፡45

### ጽባሕ

**ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ**

ቦርንማውዝ - ዋትፎርድ 5፡00
ኣስቶን ቪላ - ማን ሲቲ 7፡30

**ሰሪኣ**

ኡዲነዝ - ሳሱሎ 2፡30
ፊዮረንቲና - ስፓል 5፡00
ሳምፕዶርያ - ብረሽያ 5፡00
ቶሪኖ - ቦሎኛ 5፡00
ሄላስ ቬሮና - ጀኖዋ 8፡00
ሮማ - ጁቬ 10፡45

**ዋንጫ ሱፐር ካፕ እስጳኛ**

ሪያል ማድሪድ - ኣትለቲኮ ማድሪድ 9፡00

## እንታይ ከ ይስማዕ ኣሎ?

+ ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ - ኦሌ ጉናር ሶልሻየር፡ ተኸላኸሊ ክለቡ ሃሪ ማጉየር ኣንጻር ኖርዊች ኣብ ዝካየድ ግጥም ናይ ምስላፍ ተኽእሎ ከምዘለዎ ትማሊ ኣብ ዝካየዶ ጋዜጣዊ ዋዕላ ገሊጹ። ሎሚ ንኖርዊች ኣብ ሜዳኣ ኦልድትራፎርድ እተኣንግድ ማን ዩናይትድ፡ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታያ ማጉየር፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣንጻር ዎልቭስ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ከምዝተሃሰያ ይዝከር። በዚ ድማ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ደርቢ ማንቸስተር ውድድር ካራባኦ ካፕ፡ እዚ ተኸላኻሊ ኣይተሰለፈን። ብማን ሲቲ ዝተሳዕረት ማን ዩናይትድ፡ ዋላ'ኳ ኣቐዲማ ኣብ ናይ ሎሚ ግጥም ኣንጻር ኖርዊች ከምዘየርክብ እንተገለጸት፡ እቲ ተጻዋታይ ቀልጢፉ ክሓዊ ብምኽኣሉን ኣብ ዝሓለፈ ሳልሰቲ ድማ ናብ ልምምድ ብምምላሱን ሎሚ ናብ ሜዳ ክተውርዶ ከምዝበሃገት ኣሰልጣኒኣ ሶልሻየር የረድእ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ኣሽሊ ያንግ፡ ኣብዚ ወርሒ'ዚ ናብ ኢንተር ሚላን ከምዝሰጋገር ኣሰልጣኒኡ ሶልሻየር ሓቢሩ። ሶልሻየር፡ ብዛዕባ'ዚ ወዲ 34 ዓመት ኣመልኪቱ "ሓለቓ ጋንታናን ተጻዋታይ ናይዛ ክለብን እዩ። ብዛዕባ ጉዳይ ምንዋሕ ውዕል ኣይተዘራረብናን። ኣዝዩ ዘገድሰና ተጻዋታይ ብምዃኑ ምሳና ክጸንሕ እዩ" ክብል ተዛሪቡ። ብኻልእ ወገን፡ ማን ዩናይትድ፡ ትማሊ ኣማሲያኣ ናይ ሓደ ዓመት ተወሳኺ ውዕል ንያንግ ከምዝቐረበትሉ ተሓቢሩ። ያንግ፡ ነዚ ውዕል'ዚ ምስ ዘይፍርመሉን ኣብ ኦልድትራፎርድ እንተደኣ ጸኒሑን ዝመጽእ ክረምቲ ብናጻ ናይ ምስግጋር መሰርሕ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ክኽእል እዩ።

+ ኣጥቃዒ ኤቨርተን ቶሱን ናብ ክሪስታል ፓላስ ብመልክዕ ልቓሕ ክሰጋገር ኣብ ጥርዚ ምብጽሑ ተገሊጹ። እዚ ወዲ 28 ዓመት ኣጥቃዒ፡ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት'ዚ ሓንቲ ሸቶ ናይ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ እዩ ኣመዝጊቡ - ኤቨርተን ምስ ቶተንሃም 1ብ1 ኣብ ዝተፈላለየትሉ ግጥም። ኣብ ጥሪ 2018፡ ካብ በሽክታሽ ብ27 ሚልዮን ፓውንድ እግሩ ኣብ ጉዲሰን ፓርክ ዘንበረ ቶሱን፡ ብሓፈሻ ኣብ 51 ጸወታታት 10 ሸቶታት ኣመዝጊቡ ይርከብ።

+ ኣጥቃዒ ቶተንሃም ሃሪ ኬን፡ ብሰንኪ ዝገጠሞ ምጭብባጥ ጭዋዳ ክሳብ ዝመጽእ ሚያዝያ ካብ ጸወታ ከምዝርሕቕ ክለቡ ኣፍሊጣ። እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ባሕቲ ጥሪ ኣንጻር ሳውዝሃምፕተን ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ'ዩ ማህሰይቲ ገጢምዎ። ሃሪ ኬን ኣብዚ ዓመተ ስፖርት'ዚ ኣብ ዘካየደን 31 ጸወታታት (ምስ ክለቡን ሃገሩ እንግሊዝን) 27 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሻዱሸይቲ እትርከብ ቶተንሃም፡ ንሃሪ ኬን፡ ብዘይካ ኣብ ናይ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ጸወታታት፡ ኣብ ግጥም ዙር 16 ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣንጻር ኣርቢ ሌፕዚግ እውን ክትኸስሮ ምዃና ተረጋጊጹ ይርከብ።

+ ተጻዋታይ ሊቨርፑል ኣሌክሳንደር ኣርኖልድን ኣሰልጣኒኡ የርገን ክሎፕን ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይን ኣሰልጣኒን ወርሒ ታሕሳስ ብተኸታታሊ ተቐቢሎም። ወዲ 21 ዓመት ኣርኖልድ፡ ኣብቲ ወርሒ'ቲ ሓንቲ ሸቶን ሰለስተ ንሸቶ ዝኾና ኮዓሳሱ ከኣ ንደቂ ጋንታኡ ብምቕባሉን እዩ ነዚ ሽልማት ንመጀመርታ ግዜኡ ክወስድ ክኢሉ። ኣሰልጣኒ ናይዛ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ምሉእ ሓሙሽተ ዓወት ዘመዝገበት ዝኾነ ወዲ 52 ዓመት ክሎፕ፡ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት'ዚ ኣርባዕተ ግዜ ተሸላሚ ብምዃኑ ምስ ኣሰልጣኒ ማን ሲቲ ፔፕ ጓርድዮላ ክመዓራረ ክኢሉ ኣሎ። ሊቨርፑል፡ ካልኣይቲ ንእትርከብ ሌስተር ሲቲ ብ13 ነጥቢ ብምቕዳም መሪሕነት ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሒዛ ኣላ። ኣሰልጣኒ ናይዛ ንውድድራት ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ 2019፡ ብዘይ ስዕረት ዝተፋነወት ጋንታ ዝኾነ ክሎፕ፡ ኪኾ ንክለቡ ዋንጫ ዓለም ክለባትን ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳን ምዕታር፡ ሸውዓተ ግዜ 'ብሉጽ ኣሰልጣኒ (ናይ ወርሒ ምዃኑ እዩ)' ኮይኑ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ዓዲ እንግሊዝ ክሽለም ክኢሉ እዩ። ክሎፕ፡ ኣብ ዝሓለፈ ታሕሳስ ንኣሰልጣኒ ዋትፎርድ ኒገል ፒርሰንን ንናይ ማን ዩናይትድ መዘናኡ ኦሌ ጉናር ሶልሻየርን ብምርታዕ እዩ ነዚ ኩብሪ ዝረኸበ። ብተመሳሳሊ፡ ኣርኖልድ ንኤሚልያኖ ቡንዳይ፡ ዶሚኒክ ካልቨርት ለዊ፡ ኬቨን ደ ብሩይነ፡ በን ፎስተር፡ ኣዳም ትራኦረን ቪሚ ቫርዲን ቀዲሙ እዩ ነዚ ሽልማት'ዚ ዝወሰደ።

+ ኣትለቲኮ ማድሪድ፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ሱፐር ካፕ እስጳኛ ንባርሴሎና 3ብ2 ብምርታዕ ናብ ፍጻመ ዘሊላ። ተጻዋታይ ኣትለቲኮ ኮከ፡ ንክለቡ መሪሕነት እተትሕዛ ሸቶ ከመዝግብ እንከሎ፡ መሲ ድማ ንባርሴሎና ኣመዓራርዩዋ። ኣንትዋን ግሬዝማን ንባርሴሎና መሪሕነት ኩትሕዛ እንከሎ፡ ኣልቫሮ ሞራታ ከኣ ንውጽኢት ናይቲ ግጥም ናብ 2ብ2 ለወጦ። ኣብዚ ዓመተ ስፖርት'ዚ ብሉጽ ብቕዓት ዘንጸባርቕ ዘሎ ኮሬራ ድማ ንኣትለቲኮ 3ብ2 ተዓዊታ ናብ ፍጻመ ንእተብጽሓ ሸቶ ኣቑጺሩ። በዚ ድማ ኣትለቲኮ ማድሪድ፡ ነታ ቀንዲ ናይ ከተማ ማድሪድ መቐናቕንታ ንዝኾነት ሪያል ማድሪድ ኣብ ግጥም ፍጻመ ክትፋትና እያ። ሪያል ማድሪድ፡ ብረቡዕ እያ ንቫለንስያ 3ብ1 ብምስዓር ናብ ግጥም ፍጻመ ክትብጽሕ ዝኸኣለት። ግጥም ፍጻመ ሱፐር ካፕ እስጳኛ ጽባሕ ሰንበት ካብ ሰዓት 9፡00 ምሸት ጀሚሩ ክካየድ'ዩ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓያለ ደገፍቲ ባርሴሎና ኣሰልጣኒ ክለቦም ኤርነስቶ ቫልቨርደ መዘኑቱ ክሓድግ ምጥላቦም ቢቢሲ ገሊጹ።

## ቶተንሃም - ሊቨርፑል

"ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ሆሴ ሞሪኖ፡ ምስ ናይ ሊቨርፑል መዘናኡ ክሎፕ ኣብ ዝካየደን 10 ጸወታታት ክልተ ግዜ ጥራይ ብምዕዋቱ፥ ክለቡ ቶተንሃም ካብ መራሒት ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ብናይ 28 ነጥቢ ጋግ ድሒራ ብምህላዋ፥ ወሰንቲ ተጻወትቲ ቶተንሃም ሃሪ ኬንን ሙሳ ሲሶኮን ኣብዚ ናይ ሎሚ ግጥም ዘኾነ እጃም ዘይህልዎም ብምዃኑ፡ ሊቨርፑል 'ፍኹስ' ዝበለ ጸወታ ምስ ቶተንሃም ክህልዋ ይኽእል እዩ" ዝብሉ ተንተንቲ ሓያለ እዮም። ገለ ድማ፡ "ሊቨርፑል ካብ ሜዳኣ ወጻኢ ትጻወት ብምህላዋ ክትፍተን ትኽእል እያ" ክብሉ ይዛረቡ። ዝኾነ ኮይኑ፥ ሎሚ ምሸት ካብ ዝካየዱ ጸወታታት፡ ቶተንሃምን ሊቨርፑልን ዘካይዳኦ ግጥም ብኢጋኡ ኣቓልቦ ረኺቡ ኣሎ።

ቶተንሃም፡ ብዘይካ ንኬንን ሲሶኪን፡ ንታንጉይ ንዶምበለ እውን ኣብዚ ግጥም'ዚ ከሲራቶ ምህላዋ ተረጋጊጹ ኣሎ። እንተ ዳኒ ሮስን ሃሪ ዊንክስን ግና ትሑት ተኽእሎ ናይ ምስላፍ ኣለዎም።

ብወገን ሊቨርፑል፡ ጀምስ ሚልነርን ናቢ ኬታን ሎሚ ኣይክሰለፉን እዮም። ደጃን ሎቭረንን ፋቢኖን ዋላ'ኳ ናብ ልምምድ እንተተመልሱ ዝመጽእ ሰሙን ኣንጻር ማን ዩናይትድ ኣብ ዝካየድ ጸወታ እምበር ሎሚ ናይ ምስላፎም ተኽእሎ ከምዘይብሎም የርገን ክሎፕ የረድእ። ብተመሳሳሊ፡ ዩኤል ማቲፕ እውን ሎሚ ምሸት ዝኾነ ኣገልግሎት ኣይክህብን እዩ።



# ምልክታ

በይሁል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጽነት ደስበለ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ት/ዕድመ ሰሳይት ያሬድ ወልደገርግሽ ብወለዳ ኣቶ ያሬድ ወርቁን ወ/ሮ ለምለም ገብረመስቀልን ኣቢሏ፡ ሰሳይት ያሬድ ወልደገርግሽ ምባል ተሪፉ፡ ሰሳይት ያሬድ ወርቁ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንስኤ ተድላ ይከኣሎ ምባል ተሪፉ፡ ለተንስኤ ታደሰ እከኣሎ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን31/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ይቕረብ።

ሚኪኤል የውሃንስ ጽገ፡ ስም ኣደይ ሰላስ ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ለተሰላሴ ፍስሃየ ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/1/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ቢያን በርሀ መዓሾ፡ ተኸሳሲ ኣቶ በኺት ኣቶሓምድ፡ መርቸድስ ዝዓይነታ ናይ ጽዕነት መኪና ሰ/ቁ ኢ.ኣር -3-ኤ-6633 ቁ/ቻሲ 361131-4-(127817) ሸይጡለይ ገንዘቡ ወሲዱ ናብ ስመይ ከየሰጋገረለይ ኣድራሻኡ ስለዘይፈልጦ ይጸውዓለይ ስለዝበሉ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/2/20 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ/52 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንስ ኣብ ዘይብሉ ስም ክመሓላለፍ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ቁሸት

ኣቶ መርሃይ ሃብተሚካኤል ዕቑባምካኤል፡ ወድና ሞገስ መርሃይ ሃብተሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ኣይተመርዓወን ኣይወለደን ስለዝኾነ ኣነ ምስ ኣዲኡ ወ/ሮ ንግስቲ እልፋይ ኣስፍሃን ጥራይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን23/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍሪዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ወ/ሮ ረዛን በኹረጼን ኣብርሃም፡ በዓል-ቤተይ ቀሺ ዘመደብርሃን ወልደሩፋኤል ዓንደ ስለዝሞተ፣ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን26/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ በለዛ

ቀሺ ሞኮነን ተስፋይ፡ ኣቦና ተስፋይ መብራህቱ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/2/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቂ ጴጥሮስ

ኣኽበረት መሓሪዝጊ ተስፋዝጊ፡ ኣደና ወ/ሮ ሃና ሳሙኤል ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/2/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ኣቶ ተስፋይ ኣስፍሃን ወ/ሮ ጸጋ ኣብርሃን፡ወድና ሓጎስ ተስፋይ ኣስፋሃ ስለዝተሰወአ፡ንሕና ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/2/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ መብራህቱ ዓንደሚካኤልን ወ/ሮ ግደይ ትኩእን፡ ስም ጓልና ኤልዳና ነባይ ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ኤልዳና መብራህቱ ዓንደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመልና ስለዝበሉ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን30/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ቅሳነት መሓሪ ሃይለ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ግርማይ ተስፋንኪኤል ዑቕባጋብር ደሃዩ ስለዘይብለይ ንሱ ኣብዘይብሉ ክፋታሕ ስለዝበላ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/2/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃነ ደበሳይ እያሱ፡ ብስም ሓወይ ዝተመዝገበ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ምም/ከባቢ 01 ምም 01/ዞን ፕሎት 28፡ ፓርሰል ዲ፡ ኣምሁር ጤሳ መሬት ዝርከብ ስፍሓት መሬት 400 ት/ሜትሮ ዝኾነ 6 ክፍሊ መደቀሲ ገዛ 2 ሽቓቕ 1 ክሽነ 1 ሳሎን ዘለዎ ቪላ ገዛ ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤ/ፍ/ዞ/ደቡብ ደቀምሓረ ብህያብ ሂቡኒ ስለዝበሉ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ ን6/2/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጉልቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣስካሉ ፍስሃ ገብረ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኢዮኣብ ኣብርሃም ተላ፡ ኣብ ወርሒ 5/2016 ተመርዒና ናይ ሕጊ ሰብኣይን ሰበይትን ጸኒሕና፡ እንተኾነ ተኸሳሲ ን3 ዓመት ኣበይ ከምዘሎ ስለዘይፈልጥ ይጸውዓለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ን19/1/20 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከባቢ 01 ባጽዕ

ኣብ መንጎ ከሳሲ መርየም ዓብዱልከሪም ወኪል ኢስማዒል ዓሚር፡ ተኸሳሲት ንግስቲ ኢዮብ ዘሎ ናይ ገዛ ክርክር፡ ተኸሳሲት ብተደጋጋሚ መጸዋዕታ ተላኢኹላ ስለዘይቀረበት፣ ን5/2/20 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ። እንተዘይቀሪባ ግን ንሳ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ምልክታ

ወ/ሮ ኣስገደሽ ተገኘ ጌታሁን ዝተባሃልኩ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ (ዕዳጋ ዓርቢ) ጎደና 1A131/131-12/5 መ/ነባሪ ASC00069422 ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛይ ብኣጋጣሚ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ ረኺበዮ እየ ወይ ድም ብዕዳ ሒዘዮ እየ ዝብል ብቑጽሪ ቴሌፎን 07138690 ይደውለለይ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ድሕሪ 30 መዓልቲ ናይዛ ጠፊኣትኒ ዘላ ሊብሬቶ ኦርጂናል ክሓትት ምዃነይ ደጊመ ይሕብር።

ወ/ሮ ኣስገደሽ ተገኘ ጌታሁን

## ምልክታ

ብስም ነፍ/ኣቦና ገብረእየሱስ ገብረክርስቶስ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማይ ተመናይ ዝርከብ ገዛ ግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ቁ/ምስክር ወረቐት 114610 መወከሲ ቁጽሪ 104467 ብስም ወረስቲ ከነመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቓወም እንተሎ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ወረስቲ ነፍ/ ገብረእየሱስ ገብረክርስቶስ

## ምልክታ

ኣቶ ወልደኣብ በየነ ተስፋይ ዝተደቀደሎም ናይ ምቕራብን ምትካልን ኣቕሑ ቴሌኮሚኒከሽን ንግዳዊ ትካሎም "ሃሪዮን ኮሚኒከሽን ሶሊሽን" (HARION COMMUNICATION SOLUTIONS) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቓወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቓወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምእንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## ምልክታ

ብስም ኣቦና ተስፋማርያም ሃይለ ሓጎስ ዝተመዝገበ መወከሲ ቁ/114064 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109403 ግዝያዊ ምስክር ዋንነት (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣና ረኺበዮ ወይ ከኣ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ብቑጽሪ ሞባይል 07113867 ደዊሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ መተካእታ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ ይሕብር።

ሃብተገርግሽ ተስፋማርያም



## ምልክታ ጨረታ

ብመኮነን ሓበሬታን ኅስጓስን ሚኒ/ምክልኻል ዝእለያ ክለባት 1ይ ዲቪዥን ኩዕሶ እግሪ ደንደን ስፖርት ክለብ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ከመግብ ስለ ዝደለየ ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ንሓሙሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን፡

2. ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ጽሕፈት መ/ሓ/ኅ/ሚኒ/ምክልኻል መዓስከር ደንደን ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ) ናቕፋ ከፊሉ ይወስድ።

3. ተወሳኺ ሓበሬታ መግለጽን ብኣካል ኣብ መኮነን ሓበሬታን ኅ/ሚኒ/ምክልኻል መዓስከር ደንደን ብምምጻእ ወይ ብቁ/ቴሌፎን 07220395 (122954) ብምድዋል ምውካስ ይከኣል፡

NB፦ መኮነን ሓበሬታን ኅ/ሚኒ/ምክልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ነዚ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምልኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

መ/ሓ/ኅስጓስን ሚኒ/ምክልኻል




## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ትርከብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰሙድ ንተማሃሮ ኣገልግሎት ዝውዕል ስጋ ኣጣል፡ በርበረ ምስ ቀመሙ፡ ጨው፡ ካብ ጥሪ ክሳብ ሰነ 2020 ከምኡ'ውን ካብ መስከረም ክሳብ ታሕሳስ 2020 ዘቕርቡ ሕጋውያን ነጋዶ ንምጭራት ተጫረትቲ ንዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዒ

. ሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘለዎ ኮይኑ ናይቲ ጨረታ ዝገብረሉ ዘሎ ዓመት ዝተሓደሰን ናይ ዝሓለፈ ዓመት ግብሪ ዝኸፈለን ክኸውን ኣለዎ፡ መበቀላዊ ሰነዳትን ቅዳሕን ምስ ኣቕረበ ቅዳሕ ምስ መበቀላዊ ሰነድ ተመሳኺሩ መበቀላዊ ሰነድ ንተጫራታይ ይምለስ ቅዳሕ ድማ ይተሓዝ፡

. ተጫራታይ ወኪል እንተኾይኑ በዓል-ቤት፡ በዓልቲ-ቤት፡ ውሉድ፡ ወላዲ እንተዘይኮይኑ ካብኡ ወጻኢ ኣይፍቀድን፡

. ግቡእ ቅጥዕታት ንዘማልአ ተጫራታይ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚርኩም ክትወስዱ ትኽእሉ።

. መኽበሪ ጨረታ ዝተረጋገጸ CPO 50,000.00 ሽሕ ናቕፋ ይተሓዝ፡

. ዕዉት ተጫራታይ ናይ ዝተዓወቶ ጠቕላላ ድምር 15% ኣብ ሕሳብና ኣቐዲሙ ኣታዊ ይገብር፡

. ተጫራታይ ወፈይኡ ኣብ ዝተዓሸገ ፖስታ ብምቕራብ ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡

. እዚ ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ (10) መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ፡ ንጽባሒቱ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤ/ጽ/ጨ/ሚኒ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ እንዳ ኮርያ ባጽዕ ይኽፈት፡

. ተወሳኺ መብርህን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ምስ ዝድለ ኣብ ጨ/ሚኒ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ብቁ/ቴሌፎን 541273 ተወከሱ፡

. ጨ/ሚኒ/ትምህርቲ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ካብ'ዚ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ይኹን ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ
ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሰሙድ ናቕፋ

## ምልክታ ጨረታ

ትካል ኩባንያ ኣስ-ቤኮ ኣብ ትሕቲኡ ንዝመሓደሩ ተቀዳደምቲ ብሸግለታ ንዓመተ 2020 ንዘዳልዎ መግቢ ቀረብ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣሕምልቲን፡ ፍሩታታትን፡ ስጋን፡ ዓሳን ንሓደ ዓመት ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ጉዱሳት ተጫረትቲ እቲ ዝድሊ ዓይነት ቀረብ ብፎርም ኣብ ቤት ጽሕፈት ትካል ኣስ-ቤኮ ኩርባ እምበይቶ ተዳልዩ ስለዘሎ መጺእኩም ክትመልኡ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘድሊ ነጥብታት

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ የቕርቡ።

2. ናይ መወዳደሪ ቅጥዒ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ይወስዱ።

3. መኽበሪ ጨረታ (10,000.00) ናቕፋ ብC.P.O የትሕዙ።

4. ተጫረትቲ ዘቕርብዎ መጫረቲ ዋጋታት ብሰታሪት ተዓሺጉ ይቐርብ።

5. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልታት ክፍቲ ኮይኑ ንጽባሒቱ ኣብ ዝቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣስ-ቤኮ ይኽፈት።

6. ተጫረትቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝወድኡ ወይ ዘይምልከቶም ምዃኑ መረጋገጺ የቕርቡ።

7. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ትካል ኣስ-ቤኮ

## ሓበሬታ

## ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ፡ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 - 12፡00 ቅድሚ ቀትሪ ምሸት ካብ 2፡00 - 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ብቁ/ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ/ሳ/ፖስጣ 5537፡ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቓታ ጎዳኢ ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።



ምልክታ

ብስም ኣቶ ኢብራሂም ጀሃር ኣማን ብቁ/ምስክር ወረቐት 107580 መወከሲ ቁጽሪ 124030/124029 ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/16 ጎደና ማይህይወት ቁ/ገዛ 12 ዝርከብ ኦርጂናል ናይ ዋንነት ሰነድ ስለዝጠፍኣና ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁ/ሞባይል 07233344 ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ካልእ መተካእታ ቅዳሕ ሓቲተ ከውጽእ ምዃነይ የፍልጥ ኣለኹ።

ብርሃን መሓመድ ኢብራሂም

ታደሰ ተኽለ

# ኢራን - ነፋሪት ዩክረይን ‘ተሃሪማ እያ’ ዝብል ግምት ይዓዝዝ

ኣብዚ ቅንያት ኣብ ኢራን ዝወደቐት ብዩክረይን እትውነን ናይ ጊያሾ ነፋሪት፡ ካብ ኢራን ብዝተተኰሰ ሚሳይል ተሃሪማ ከም እተሓምሸሸት፡ መራሕቲ ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ ይገልጹ ምህላዎም ተሓቢሩ።

ካብ ከተማ ቴህራን ምስ ነቐለት ድሕሪ ቀሩብ ደቓይቕ ብዘወረዳ ህንደበታዊ ሓደጋ፡ እታ ነፋሪት ኣብ ሰማይ እንከላ ከም እተባርዐትን 176 ሰባት ከም ዝሞቱን ይዝከር።

መራሒ ካናዳ ትሩዶ፡ እታ ነፋሪት ካብ ኢራን ብዝተተኰሰ ሚሳይል ከም እተወቕዐት ዘረድእ ‘ብዙሕ ጭብጥታት’ ከምዝሎ ክገልጽ እንከሎ፡ ካልኦት መራሕቲ ሃገራት ምዕራብ እውን፡ ኢራን ብጌጋ ነታ ነፋሪት ጨሚታ ከም ዝዘረመታ ምሕባሮም ይግለጽ ኣሎ።

እታ ነፋሪት ዝወደቐትሉ ዕለት፡ ኢራን ኣብ ዒራቕ ንዝርከባ መደብራት ኣመሪካ ብሚሳይላት ዝጥቀዓትሉ ሰዓታት ስለዝነበረ፡ ኣመሪካ ናይ ዓጸፋ መልሲ ክትሀብ ከም እትኽእል ኢራናውያን ኣብ ናይ ትጽቢት ሰዓት ዝነበሩሉ ምኽንያት ምንጪታት የረድኡ።

ካብ ማዕከናት ስለያ ኣመሪካ ሓበሬታ ከም ዝረኸበ ዝገልጽ ሰብኣይ ዝተባህለ ምንጪ ዜና፡ ክልተ ሚሳይላት ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ ክውንጨፉ እንከለዉ፡ ኣብ ሽቶ በጺሖም ክፍንጀሩ እንከለዉን ዘርኢ ምስሊ ከም እተቐርጸ ምቕልሑ ጸብጻባት ኣረዲኦም።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ እውን፡ ኣብ ኣመጻጽኣ እቲ ሓደጋ ነፋሪት “ጥርጣረታት” ከም ዘለዎ ገሊጹ ነይሩ እዩ።

ሰቡመዚ ብሪጣንያ እውን፡ ነቲ ሓደጋ ነፋሪት ዝምልከት ብርክት ዝበለ ሓበሬታታት ከምዘለዎም ድሕሪ ምሕባር፡ ዜጋታቶም ናብ ኢራን ከይገሹ ኣጠንቂቖም ኣለው።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ምክልኻል ኣመሪካ (ፔንታጎን) ሰቡመዚ ምኳኖም ዝተገልጹ ክልተ መኮንናት፡ “እቲ ካብ ምድሪ ናብ ሰማይ ዝተወንጨፈ ናይ ኢራን ሚሳይል፡ ብጌጋ ዝተተኰሰ ምኳኑ ዘረድእ ጸብጻብ ኣሎና” ከምዝበሉ - ዶቸ ቬለ ኣቃሊሑ።

ክሳብ ትማሊ ካብ ኢራን ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጺ ኣይነበረን። ነቲ ኢራናውያን ዝኣከቡዎ ክልተ ጸለምቲ ሳናዱቕ፡ ናብ ካልእ ሃገር ኣሕሊፎም ከምዘይህቡ ዝገልጹ ዘለዉ ሰብስልጣን ሲቪል በረራታት ኢራን፡ ክኢላታት ቦይንግ ኣብቲ ዝቐድድ ምርመራ ክሳተፉ ዓዲሞም ምህላዎም ተፈሊጡ ኣሎ።



# ቻይና - ጠንቂ ሓድሽ ሕማም ሰናቡእ ተፈሊጡ

ኣብ ቻይና ሰገኣት ፈጢሩ ዝቖጸ ጠንቂ ሓድሽ ረኽሲ ሰናቡእ፡ ከምቲ ክጥርጠር ዝጸንሐ ብዓይነቱ ሓድሽ ዝኾነ ሕማም ስርዓት-መስተንፈሲ ዝፈጥር ቫይረስ ምኳኑ ተሓቢሩ።

እቲ ኣብ ከተማ ውሃን ሓያሎ ሰባት ለኺፉ ዘሎ ቫይረስ፡ ኣካል ናይቶም ኮሮና እናተባህሉ ዝጽውዑ ናይ መተናፈሲ ሕማማት ቫይረስ ክኾውን እንከሎ፡ ሓድሽ ቅድሚ ሕጂ ዘይተራእየ ዓሌት ምኳኑ ክኢላታት የገንዘቡ።

ኣብ ዞባ ሁበይ ኣብ እትርከብ - 19 ሚልዮን ህዝቢ ዝነብረላ ከተማ ዝርከቡ፡ መበቆል ናይ’ቲ ቫይረስ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ዝተጠርጠሩ ዕዳጋታት ስጋ ባሕሪ ተዓጽዮም ከምዘለዉ ተፈሊጡ።

ደቡብ ኮርያ እውን ካብ ከተማ ውሃን ከም ዝተበገሰት ንዝገለጸታ፡ ሓንቲ በቲ ሕማም ከም እተለኽፈት ዝተጠርጠረት ሰበይቲ፡ ኣብ ሆስፒታል ኣዕቒባ ምህላዋ ምንጪታት ሓቢሮም ኣለዉ።

ጂን ናይ’ቲ ቫይረስ ዘርዚሮም ብምጽናዕ ሓድሽ ዓይነት ከምዝኾነ ዝገለጹ ቻይናውያን ክኢላታት፡ መበቆል ኣመጻጽኣኡ ክፈልጡ ይጽዕሩ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

# እማመ ውዕል ምፍናው ብሪጣንያ ብባይቶ ተደጊፉ



ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ቦሪስ ጆንሰን ዘቕረቦ - ብሪጣንያ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት እትወጽኣሉ ናይ ውዕል እማመ፡ ባይቶ እታ ሃገር ንመጀመርታ ግዜ ብድምጺ ከም ዝደገፎ ተሓቢሩ።

እቲ ብ330 ደገፍ፡ 231 ተቓውሞ ዝሓለፈ እማመታት፡ ኣብ ዝቐጽል ሰሙን - ‘እንዳ መኳንንቲ’ (ሃውስ ኦፍ ሎርድስ) ተባሂሉ ብዝጽዋዕ ኣካል ናይ’ቲ ባይቶ ምስ ተጸንዐ፡ እታ ሃገር ኣብ 31 ጥሪ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት እትወጽኣሉ ኣገባብ ከም ዝሰልጥ ይእመን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ብቦሪስ ጆንሰንን ቅድሚኡ ብዝነበረት ተሬሳ መይን ክቐርብ ዝጸንሐ ናይ ውዕል እማመታት፡ ኣብ ባይቶ ዕንቅፋት እናገጠሞ ክሰዓር ከም ዝጸንሐ ይዝከር። ዚ ንምዕራይ ካልእ ምርጫ ክግበር ተወሲኑ፡ ብቦሪስ ጆንሰን ዝምራሕ ሰልፊ ዓቃባውያን ብ80 መናብር ዝዓበለሎ ባይቶ ከም እተመርጸ ድማ ይፍለጥ።

ብሪጣንያ፡ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክትፈላለ እንከላ፡ ምስቲ ሕብረት ክትሰማመዓሉ ካብ ዘለዋ እማመታት ብቐዳምነት ዝተሰርዑ ንዜጋታት ኤውሮጳ ኣብ ብሪጣንያ ዝውሃብ መሰላት ዝምልከት ከም ዝኾኑ ምንጪታት ይሕብሩ።

እቲ ካልኣይ እማመ ድማ፡ ብሪጣንያ ካብቲ ሕብረት ክትወጽእ እንከላ ብዛዕባ ክትከፍሎ ዘለዋ ናይ መፋነዊ ካሕሳ ዝምልከት ምኳኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ብሪጣንያ ምስተን ኣብቲ ሕብረት ዝተረፋ 27 ሃገራት ከተካይዶ ዘለዋ ርክባት ንምጽናዕ ዘኽእል - ናይ 11 ኣዋርሕ ናይ መሰጋገሪ ግዜ እውን ተመዲቡ ምህላዉ ጸብጻባት ይሕብሩ። እቲ ባይቶ ብሪጣንያ ዝተሰማምዓሉ ናይ መፋነዊ ውዕላት ኣብ ተግባር ክውዕል፡ ባይቶ ኤውሮጳ ክጸድቖ ኣለዎ።

ብሪጣንያ ካብቲ ሕብረት ብምውጻኣ፡ እተካይዶ ናይ ንግዲ ዋኒናት ብዘላ ክትቈጻጸር፡ መሰላት ዜጋታታ ዝሕሉ ናይ ባዕላ ሕግታት ከተውጽእ፡ ፋይናንሳዊ ሃብታን ባጤራኣን ብዘላ ክትቈጻጸር፡ ዶባታን ሕግታታን ናይ ንግዲ ቅዋማታን ባዕላ ከተኻብር ከም ዘኽእላ ሰቡመዚ እታ ሃገር የረድኡ።

# እስራኤል - ብጨረርታ ዝሃርም መከላኸሊ ኣየር. . .

ብጨረር ዝወቅዕ ‘ዝማዕበለ ናይ ኣየር መከላኸሊ’ ኣብ ምህናጽ ከምዘላ ዝሓበረት እስራኤል፡ ብሓባሪ ዝበዝሑ ተወንጨፍትን ዓይነታት ሚሳይላትን እናኣኳለመ ክሃርም ዝኽእል ምዃኑ ትገልጽ።

እስራኤል ካብ ቴክኖሎጂታት ኣትኪለን ብጨረርታ ዝወቅዕ መከላኸሊ ኣየር ብኸይንኡ ምስ ኣመሪካ ከተማዕብል ድሕሪ ምጽንኣ ከም ዘቋረጸቶ፡ ‘ኣየርን ዶም’ ዝተባህለ መከላኸሊ ክትጥቀም ከም ዝጀመረትን ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብዚ ቅንያት’ዚ ሰቡመዚ ምክልኻል እታ ሃገር ንዝዘበሎ መበርሂ ብምጥቃስ፡ ማዕከን ዜና ’ኣርቲ’ - ተቛጻጺሩ ዝበረ ምምዕባል መርሓ ጨረር ከም ዝጀመረ፡ ኣብ ወሽጢ ዓመትን መዳፈቕን ኣብ ስራሕ ከም ዘውዕልን ሓቢሩ ኣሎ።

እዚ ሓድሽ ስርዓተመከላኸሊ፡ ኣድራጋ ዝበዓዘ ብዙሕ ናይ ጨረርታ ሓይሊ ስለዝፍኑ፡ ካብ ተጻባኢ ከጥቅዕ ዝመጽእ ኣጻዋር ኣብ ኣየር እንከሎ ናይ ምብርዓን ብቕዓት ዘለዎ - ምዃኑ ከምዝኾነ ምንጪታት እስራኤል ይገልጹ።



# ግሪንላድ፡ ኣቓልቦ ሓያላን ሃገራት ትስሕብ

ኣብ ትሕቲ ዴንማርክ ርእሰምምሕዳር ዘለዋ ግሪንላንድ፡ ኣቓልቦ ኣመሪካን ቻይናን ትስሕብ ከምዘላ ዘረድኡ ጸብጻባት፡ ኣመሪካ ኣብታ ዓባይ ደሴት ቤት-ጽሕፈት ቈንስል ክትከፍት ትዳሎ ምህላዋ ሓቢሮም።

ቻይና እውን ምስ ግሪንላንድ ጥቡቕ ምትእስሳር ቁጠባ ክትገብር ጻዕርታት ተካይድ ምህላዋ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ከም ቻይናን ኣመሪካን ዝኣመሰላ ሓያላት ሃገራት፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ ግሪንላድ ኣቓልቦ ዝገበራሉ ምኽንያት - ‘ክቡር ሓመድ’ እናተባህለ ዝጽዋዕ ኣገዳሲ ማዕድን ብብዝሒ ስለዝተረኽበ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ጸብጻባት የረድኡ።

ክቡር ሓመድ፡ ኣብ ምስራሕ ተንቀሳቐስቲ ተሌፎናት፡ ኮምፒዩተራትን ብጸዓት ኤሌክትሪክ ዝሰርሓ ተሽከርከርትን ወሳኒ ግደ ዘለዎ ማዕድን ምኳኑ ይግለጽ።

እታ ደሴት ኣብ መንጎ ሩስያ፡ ኤውሮጳን ሰሜን ኣመሪካን ስለእትርከብ፡ ዘለዋ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ - እቲ ካልእ ንሓያላን ሃገራት ዝስሕብ ምኳኑ ምንጪታት ይሕብሩ።

ኣውስትራልያ ከም ኣህጉር እንተደኣ ተወሲዳ፡ ግሪን ላንድ ካብ ደሴታት ዓለም ብዓቢ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ትሕዝ ማለት እዩ። ካብ ብሪጣንያ ብዓቢ 10 ዕጽፊ እትበልጽ ግሪንላንድ፡ መብዛሕትኡ መሬታ ብበረድ ዝተሸፈነ እዩ።

56 ሽሕ ህዝቢ ዘለዋ ግሪንላንድ፡ ሓደ ሰሶ ካብ ህዝቢ ኣብ ርእሲ ከተማ ኑክ ይነብር።

ካብ 1953 ንደሓር ኣብ ሰሜናዊ ጫፍ ናይ’ታ ደሴት ወተሃደራዊ መዓስከር ዘለዋ ኣመሪካ፡ ካብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ንደሓር፡ ኣብታ ደሴት ዕቱብ ኣድህቦ ትገብር ከምዘላ ይግለጽ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ፡ ነታ ደሴት ካብ ደንማርክ ክዕድጋ ከም ዝደልን ናይ ዝርርብ መስርሕ ከካይድ ናብ ደንማርክ ከም ዝበዓዘን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣፍሊጡ ነይሩ።

ደንማርክ፡ ንርእይቶ እቲ ኣመሪካዊ ፕረዚደንት ምስ ኣቃለለቶ ግን፡ ጉዕዞኡ ሰሪዙ ብቐረፌ ምላሽ ከምዝሃበ ይዝከር።

ኣመሪካ ኣብታ ደሴት ቤት-ጽሕፈት ቈንስል ክትከፍት ትቀራረብ ምህላዋ ምስ ተሓበረ፡ ካብ ሰቡመዚ ደንማርክ ስክፍታታት ይሰማዕ ከምዘሎ ምንጪታት ይገልጹ።

ግሪንላንድ ካብ ደንማርክ ተፈንጢላ ናጽነት ክትእውጅ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ቈንስል ከኣ ክሓብብል ከምዝኽእል እቶም ሰብስልጣን ይጥርጥሩ።



ኣብ ባይቶ ደንማርክ ካብ ዘለዉ ወከልቲ ግሪንላንድ፡ ዝበዝሑ ሰራሕተኛታት ቈንስል ኣመሪካ ናብ ግሪንላንድ ክኣትዉ ከም ዝኽእሉ ትንተናታት በበሲ ንሰቡ ስልጣን ብምውካስ ይግምት።

ኣብ ባይቶ ደንማርክ ወከል ግሪንላንድ - “ኣመሪካውያን ካብ ንብረ ዓቕልና ንላዕሊ ክርብጹና እዮም” ዝበል ጠርጠራ ከምዝለዋ በበሲ ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፍ ገሊጹ።